ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሸዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቕሮ

# ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኽፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ

ሙሉፀሃይ ደስታ ኣረፋይኔ

ዩኒቨርስቲ መቐለ

ኮሌጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ

ድህረ ምረቃ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ነሓሰ **2017** ዓ.ም.

መቐለ

ዩኒቨርስቲ መቐለ

ኮሌጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ

ድህረ ምረቃ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቕሮ

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኽፋል መማልኢ ዝቐረበ መፅናዕቲ

ብ

ሙሉፀሃይ ደስታ ኣረፋይኔ

ዋና ኣማኻሪ

ጌታሁን መሰለ **(PhD)**

ሓጋዚ ኣማኻሪ

ኣታኽልቲ መኮነን **(MA)**

ነሓሰ **2017** ዓ.ም.

መቐለ

ዩኒቨርስቲ መቐለ

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ

ኮሌጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን

ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቅሮ

ብምስትሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝውሃብ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኽፋል መማልኢ ኮይኑ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ

ሙሉፀሃይ ደስታ ኣረፋይኔ

**2017** ዓ.ም.፤ መቐለ

ኣባላት ቦርድ ፈተና

| ዋና ኣማኻሪ | ክታም | ዕለት |
|---|---|---|
| ጌታሁን መሰለ (ዶ/ር) | | |
| ሓጋዚ ኣማኻሪ<br>ኣታኽልቲ መስፍን (MA) | | |
| ናይ ውሽጢ ፈታኒ | | |
| ናይ ደገ ፈታኒ | | |
| መሳለጢ መድረኽ | | |

# ሰደቓ ትሕዝቶ

ትሕዝቶ ገፅ
ሰደቓ ትሕዝቶ ………………………………………………………………………i
መግለፂ ዋንነት………………………………………………………………………ii
ምስጋና……………………………………………………………………………iv
ማራ መፅናዕቲ ………………………………………………………………………v
ምዕራፍ ሓደ፤መእተዊ…………………………………………………………………1
1.1.ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ……………………………………………………………1
1.2.ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ……………………………………………………………4
1.3.ዕላማ መፅናዕቲ……………………………………………………………………5
1.3.1.ሓፈሻዊ ዕላማ……………………………………………………………………5
1.3.2.ዝርዝር ዕላማታት………………………………………………………………5
1.4.ረብሓ መፅናዕቲ……………………………………………………………………6
1.5.ደረት መፅናዕቲ……………………………………………………………………6
ምዕራፍ ክልተ…………………………………………………………………………7
2.ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልሰ ሓሳባትን ቅዱማት መፅናዕትን……………………………7
2.1.ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልሰ ሓሳባት…………………………………………………7
2.1.1.ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ክእለት ንባብ………………………………………7
2.1.2.ንባብ……………………………………………………………………………8
2.1.2.1.እንታይነት ንባብ……………………………………………………………8
2.1.2.2.ባእታታት ንባብን ፅሕፈትን…………………………………………………9
2.1.2.3.ንባብን ድሕረ ባይታ ተምሃሮን……………………………………………10
2.1.2.4.ስልትታት ንባብ……………………………………………………………12
2.1.2.4.1.ቅልጣፈ ንባብ………………………………………………………12
2.1.2.4.2.ዳህሳስ ንባብ…………………………………………………………12
2.1.2.4.3.ዓሚቕ ንባብ……………………………………………………………12
2.2.ኣብ እዋን ትግበራ ምምሃር ንባብ ክትግበሩ ዝግበኦም……………………………13
2.2.1.ባእታታት ልምዲ ንባብ………………………………………………………15
2.2.1.1.ድልየት ንባብ………………………………………………………………16
2.2.1.2.ቅልጣፈ ንባብ………………………………………………………………16
2.2.1.3.ስልቲ ንባብ ምቕያር…………………………………………………………16
2.2.1.4.ዓውታዊ ንባብ………………………………………………………………16
2.2.1.5.መገምገሚ ነጥብታት ንባብ…………………………………………………16



2.2.2.ፀለውቲ ዛዕባታት ንባብ…………………………………………………………17
2.2.3.መማዕበሊ መንገድታት ልምዲ ንባብ……………………………………………17
2.2.3.1.ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ንባብ ዘማዕብሉ…………………………………18
2.2.3.2.ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ንባብ ዘማዕብሉ…………………………………18
2.2.4.ስነ-ፅሑፈ ንምስትምሃር ክእለት ንባብ…………………………………………19
2.2.5.ንምስትምሃር ንባብ ዝውዕል ስነ-ፅሑፍ ከመይ ንሓሪ……………………………20
2.2.6.ምምሃር ንባብ ኣንቢብካ ንምርዳእ…………………………………………………21

2.2.6.1.እንታይነት ኣንቢብካ ምርዳእ……………………………………………………..21
2.2.6.2.ባህርያት ኣንቢብካ ምርዳእ…………………………………………………..22
2.2.6.3.ንኡሳን ክእለታት ኣንቢብካ ምርዳእ………………………………………23
2.2.6.4.ደረጃ ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእ…………………………………………….24
2.2.6.5.መገምገሚ ነጥብታት ዕላማን ምምሃር ንባብን……………………………..25
2.2.7.ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን……………………..26
ምዕራፍ ሰለስተ……………………………………………………………………..28
3.1.ኣመራርፃ ተፀናዕቲ…………………………………………………….............28
3.1.1.ኣመራርፃ ቤት ትምህርቲ……………………………………………………..28
3.1.2.ኣመራርፃ ተምሃሮ……………………………………………………………..28
3.2.መይላ መአከቢ መረዳእታ………………………………………………………..28
3.2.1.ፅሑፋዊ መሕትት ንተምሃሮ…………………………………………………..29
3.2.2.ጉጅላዊ ዘተ…………………………………………………………………….29
3.2.3.ትዕዝብቲ……………………………………………………………………….29
3.3.መይላ ትንተና መረዳእታ…………………………………………………….29
ምዕራፍ ኣርባዕተ ……………………………………………………………………..30
4. ትንተና ውፅኢት መፅናዕቲ ምብርህራህ ………………………………………..30
4.1. ትንተና ውፅኢት መፅናዕቲ ………………………………………………….30
4.2. መብራህርሂ ውፅኢት መጽፅናዕቲ…………………………………………………41
ምዕራፍ ሓሙሸተ…………………………………………………………………….46
5. መጠቓለሊ፣ መደምደምን መፍትሕን……………………………………………..46
5.1. መጠቓለሊ……………………………………………………………………….46
5.2. መደምደሚ……………………………………………………………………….47
5.3. መፍትሒ………………………………………………………………………….48
መዋኽስቲ ድርሳናት………………………………………………………………….vi



# መግለፂ ዋንነት መፅናዕቲ

ኣነ ሙሉፀሃይ ደስታ ኣረፋይኔ “ዝምድና ዕላማታታት ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ” ዝብል ርእሲ ሒዘ መፅናዕቲ እንተካይድ ሓገዝቲ ዝኾኑ ተጠቒመ እየ፤ ይኹን ድኣምበር እዚ መፅናዕቲ ባዕለይ ዝሰራሕኹዎን ፈላማይን ምኻኑ እንዳሓበርኩ ነዚ ኣመልኪቱ ንዝመፅእ ጥቕሚ ይኹን ተሓታትነት ባዕለይ ዝወስድ ምኻነይ ኣረጋግፅ።

ስም ______________________________

ዕለት ______________________

ክታም __________________________

## ምስጋና

ብቐዳምነት ደረት ኣልቦ ሓይሊ ዝወነነ ላዕለዋይ ጎይታ በታ ዝዓደለኒ ልሳን የመስግኖ። ፈጣሪ ዓለም ኩሉሻዕ ይመስገንካሊእ ተተረፈ ኣነ እዛ መፅናዕቲ ከካይድ ዕድል ሂቡኒ እዩ።
ብምቕፃል ብገንዘብ ዘይግመት ብተኸታታሊ ንሰለስተ ክረምቲ ኮርስታት ኣምሂሮም ወርቂ ግዚኦም ሰዊኦም ብተገዳስነት ኣብ መፅናዕተይ ካብ መረፃ ርእሲ ጀሚሮም ክሳብ መወዳእታ ሃናፂ ርኢቶኦም ብምልጋስ ትሕዝቶ መፅናዕተይ ዝበለፀ ንክኸውን ዝሓገዙኒ ዋና ኣማኻርየይ ዶ/ር ጌታሁን መሰለን ንሓጋዚ ኣማኻሪየይ ኣይተ ኣታኽልቲ መኮነንን  ምስጋናይ ዝለዓለ እዩ፤ ክብረት ይሃበለይ።

ብተወሳኺ ነዚ መፅናዕቲ ከም መጣቐሲ ዝተጠቐምኩሎም ዝተፈላለዩ ክልስሓሳባት ብዝተፈላለዩ ፀሓፍትን ተመራመርትን ዝተፅሓፉ መፃሕፍትን መፅናዕታዊ ፅሑፋትን ነቶም ስራሕቲ ኣኽብሮት ነቶም ፀሓፍቲ ድማ ዝለዓለ ምስጋና ኣቕርብ።

ኣእጋረይ ማይ ብምዝፍዛፍን ደርሆኖቆ ብምቕስቃስን ንድቃስ ስዒረ ክማሃር፣ ንቁምነገር ክበቅዕን ናይ ሻሂ እናሃብኩምን ነዚ ዘብቃዕኹሙኒ ክቡራት ወለደይ ኣይተ ደስታ ኣረፋይኔን ወይዘሮ ለተብርሃን ኣረፈን ካብ ልቢ የመስግን ።

ነዚ ፅንዓታዊ ፅሑፍ ጀሚረ ክሳብ ዝውደኦ መፃሕፍትን ካልኦትን ብምሕጋዝ ፅቡቕ ኣበርክቶ ንዝገበረለይ መምህር ደስታ ሃይለስላሴን ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ኻሊእ ይትረፍ ኣይነፀግመልካን፤ ንስኺ ገንዘብኪ እና ϸ ፈልኪ ጥራሕ ተምሃሪ ኢልኩም ንዘማ ϸ ርኩምንን ዝሓገዝኩምንን መላእ ስድራይ፣ ፈተውተይን መሓዙተይን ካብ ልቢ የመስግን፤ የቐንየለይ።



## ማራ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ሒዝዎ ዝተልዓለ ቀንዲ ዕላማ ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቕሮ እንታይ ከም ዝመስል ግምገማ ምክያድ እዩ። ነዚ መፅናዕቲ መረዳእታ ንምሃብ ዝተሓረዩ መርአያታት ድማ ተምሃሮ እዮም። መፅንዒ ኣብ ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ ዝመሃሩ ተምሃሮ ካብ ሕድሕድ ክፍሊ ብዘለዎም በዝሒ ተመጣጣኒ ቁፅሪ ብምውሳድ ብምእታው ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ካብ ዝማሃሩ 376 ተምሃሮ እቶም 25% ዝገበረ ተጠቒሙ 94 ተምሃሮ ተሓርዮም እዮም። ካብ ተፀናዕቲ ኣካላት መረዳእታ ንምርእካብ ኣብ ግብሪ ዝወዓሉ መሳርሕታት ፅሑፋዊ መሕትት፣ ፅሑፋዊ ፈተና፣ ጉጅላዊ ምይይጥን ትዕዝብትን ንተምሃሮ እዮም። በዞም መሳርሕታት ዝተኣከቡ መረዳእታታት ድማ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃእን ብዛዕባ ዘለዎም ልምዲ ንባብ፣ ድሌት ንባብን ክእለቶም ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶምን ንምፍታሽ ካብ ዝቐረቡ

ሕቶታት ዝተረኸበ ውፅኢት ብሚኢታዊ ተሰሊሑ ዝቐረበ ኾይኑ ኣብ ዕላማታት ትምህርትን ምስትምሃር ባእታታት ንባብን ማእኸል ዘሎ ምዝማድ ንምፍላጥ ማእኸላይ ውፅኢት፣ መደበኛ ፍልልይን ስልሒት ዝምድናን ተሰሊሖም ተተንቲኖም ቀሪቦም እዮም። ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ድማ ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈጠሮ ውሱን ምችው ኩነታት ፅቡቕ ድሌት ንባብ ዋላ እንተሃለዎም ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዘድሊ ሓገዝ ስለዘይግበረሎም ልምዲ ንባብ ከምዘየማዕበሉን ዕላምኡ ብዝግባእ ከምዘይተረደኦምን ናይ ወለድን መምህራንን ሓገዝ ከምዘድልን ዝብሉን ካልኦትን በዚ መፅናዕቲ ዘተነፀሩ ርካቦታት እዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ነዞም በዚ መፅናዕቲ ዝተነፀሩ ፀገማት መፅንዒት መፍትሒ ሓሳብ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ኢላ ዘኣመነትሎም ኣብዚ መፅናዕቲ ተሓቢሮም እዮም።



# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1. ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

ተምሃሮ ትምህርቶም ተኸታቲሎም ፅቡቕ ውፅኢት ንኸመዝግቡ ዕላማታት መሰረት ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ልምድታትን ክእለታትን ንባብ ኣብ ከይዲ ንከማዕብሉ ትፅቢት ይግበር። ብዛዕባ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ንባብ ብዝተፈላለዩ ምሁራት ዝተብሃለ ድማ ዝስዕብ ይመስል። Farrant (1977፥30) ”ተምሃሮ ትምህርቶም ዘፅንዑዎ ብምንባብ እንተኾነውን መብዛሕቲኦም ንባብ ስለ ዘየማዕበሉ ፀገም እንትገጥሞም ይረአ” ይብል። እዚ ማለት ተምሃሮ ብንባብ ዝፅናዕ ምኟኑ ርዱእ ዋላ ተገበሩ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ልምዲ ንባብ ግና የብሎምን። Graham (1967፥98) ”ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ፅቡቕ ውፅኢት ኣመዝጊብካ ትምህርቲ ንምቕፃል መሰረታዊ ክእለት ምኟኑ ዘተሓትት ኣይኮነን" ይብል። ንባብ ከማዕብሉ ድማ ትምህርቲ ንባብ የድልዮም ይብል። ዕላማ መሰረት ዝገበረ ፅቡቕ ልምዲ ንባን ተሃልዩ ፅቡቕ ክእለት ኣጥሪኻ ንምሕላፍ ወሳኒ እዩ።

Conley (1992፥28) ከም ዝበሎ ድማ "ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ፅቡቕ ምኳኑን ዘይምኳኑን ዝርአ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ኣብ ናይ ትምህርቶም ውፅኢት ፅዕንቶ እናፈጠረ ይረኣ። እዚ ብዕላማ ምምሃር ንባብ ዘድልየሉ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለትን ምትእስሳር ክህልዎ ከምዝግባእ ይሕብር"። ብተወሳኺውን Nelson (1984፥2) “ናይ ምንባብ ልምዲን ክእለትን ትምህርቶም ንዘፅንዑን ከፅንዑ ንዝትልሙን ተምሃሮ ካብ ካልኦት ክእለታት ብዝበለፀ ስለዘድልዮም ንባብ ክማሃሩ ኣለዎም” ይብል።

ካብዚ ምግንዛብ ዝካኣል ተምሃሮ ብትኽክለኛ ክእለትን ስልትን ዝተሓገዘ ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ከማዕብሉ ኣብ ክፍሊ ዝፅሕፍዎም ኮነ ዝተፈላለዩ መፃሓፍቲ ኣንቢቦም ዝቐረበሎም ንባብ ብኣግባቡ ንምርዳእ ካብቶም ዘለው ክሂላት እቶም መሰረታውን ኣገደስትን ምኳኖም ንምግላፅ ዝቐረበ ምኳኑን ልምዲ ንባብ ተዘይሃልዩ ኣብ ናይ ተምሃሮ ውፅኢት ፅዕንቶ እናፈጠረሎም ከምዝመፅእ ስለዝፍለጥ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ንባብ ብስሩዕ ክማሃሩ ከምዘለዎም የረድእ።

Arcy (1973÷3) ከምዝገለፆ ተምሃሮ እኹል ልምዲ ንባብ እንተዘይሃልዩዎም ብዕላማ ብዛዕባ ንባብ እንተዘይተማሂሮምን ናይ ምንባብ ድልየቶም ትሑት ይኸውን። ብምኳኑውን ሓደ ፅሑፍ



ምንባብ ጀሚሮም ክንዲ ምጭራስ ኣብ ማእኸል ኣቋሪፆም ናይ ምሕዳግ ባህሪ ይረኣዮም።ከም ኣገላልፃ እዚ ሙሁር ተምሃሮ እኹል ልምዲ ንባብ ተዘይሃልዩዎምን ዕላማ ንባብ ተዘይተረዲኦምን ድሌት ንባቦም ትሑት ይኸውን እሞ ከቋሩፅዎ ከምዝኽእሉ ንርዳእ። ከምኡውን Conley (1992÷28) ከምዝገለፆ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ድኹም እንተኾይኑን እንተዘይተማሂሮምዎን ዝማሃርዎ ትምህርቲ ብባዕሎም ናይ ምግምጋም ብቕዓቶም ትሑት ይኸውን። እዚ ድማ ብውልቆም እናንበቡ ፍልጠቶም ንምዕባይ ዝገብሩዎ ፃዕሪ የዐንቅፎም።

ዕላማ መሰረት ዝገበረ ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ኣማዕቢልካ ምርካብ ፅቡቕ ውፅኢት ኣመዝጊብካ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ንምሕላፍ ካብ ምሕጋዝ ሓሊፉ ፅቡቕ ረብሓ ኣለዎ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብርክት ዝበሉ ናይ ፍልጠት እኩባት ዝኾኑ ውፅኢታት መፅናዕቲ ሰፊሮም ዝርከቡ ብፅሑፍ እዮም። ብምኳኑውን ዕላማ መሰረት ዝገበረ ትኽክለኛ ልምዲ ንባብ ኣማዕቢልካ ካብ ምርካብ ወፃኢ ካብቶም ፍልጠታት ተጠቃሚ ምኳን ኣይክኣልን።

ከም ኣገላልፃ Sweet and Snow (2003÷24) “ኣንቢብካ ምርዳእ እንትበሃል ካብ ምፍላይ ፊደላት ጀሚሩ ክሳብ ሰፋሕቲ ፅሑፋት ዝሓዙ ትሕዝቶታት ብምንባብ ሰባት ከከም ብርኪ ንባቦም ነቲ ዝተፅሓፈ ነገር ኣንቢቦም ክርድኡሉ ዝኽእሉ ዓቕሚ ዘመላኽት እዩ” ይብሉ። ካብዚ ዝቐረበ ሓሳብ እንግንዘቦ ኣንቢብካ ምርዳእ እንትባሃል ናይ ድምፅታት ወከልቲ ዝኾኑ ፊደላት ብምንባብ ናይ ሓደ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣብ ምርዳእ ዘሎ ከይዲ ምኳኑ ምግንዛብ ይከኣል። ነዚ ሓሳብ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ብዛዕባ ምምሃር ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ብዝተፈላለዩ ምሁራት ዝተውሃቡ ወሰነ ትርጉም ቀፂሉ ቐሪቡ ኣሎ።

Grellet (1981÷3) ምምሃር ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን እንትበሃል ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ድምፅታትን ምልክታትን ብምፍላይን ብምውዳድን ካብ ሓደ ፅሑፍ ክመሓላለፍ ዝተደለየ መልእኽቲ ናይ ምግንዛብ ክእለት የመልክት ይብል። ካብዚ ምሁር እንርደኦ ምምሃር ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ኮይኖም ፈላሊኻ ክረኣዩ ዘይግበኦምን ዘተኣሳሰሩ ምኺኖምን ምግንዛብ ይካኣል።

Nuttall (1996÷15) ኣንቢብካ ምርዳእ ተምሃሮ ካብ ዘንብቡዎ ፅሑፋት ዝረኽብዎመረዳእታታት ኣብ ኣእምሮኦም ከስተንትንዎምን ፍረ-ነገር ንክፈልዩን ዝሕግዝ ክእለት እዩ ይብል። ኣብዚ



ድማ ንምምሃር ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ዝተውሃበ ወሰነ ትርጉም ኣንቢብካ ምርዳእ እንትበሃል ናይ ሓደ ፅሑፍ መልእኽቲ ምርዳእ፣ ምጭባጥን ምግንዛብን ዘመላኽት ምኳኑ እዩ። ከም ኣገላልፃ እዞም ምሁራት ሓደ ሰብ ኣንቢቡ ዝበሃል ናይቲ ዘንበቦ ፅሑፍ መልእኽቲ ብዝግባእ ክርዳእ እንተኽኢሉ እዩ፤ ዝብል ቁም-ነገር ካብቲ ዝሃብዎ ሓሳብ ምግንዛብ ይከኣል። እዚ ድማ ትኽክል እዩ፤ ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ኣንቢቡ ዝበሃል ዕላምኡ ኣብሓደ ፅሑፍ ዘለው ቃላትን ሙሉእ ሓሳባትን ካብ መጀመርታ ክሳብ መወእዳታ ነቶም ምልክታት ንምፅራሕ ወይ ብዓይኒ ድህሰሳ ጥራሕ ብምንባብ ዘይኮነስ ናይቲ ፅሑፍ መልእኽቲ ኣብ ኣእምሩኡ ብዝግባእ ኣዋሃሂዱ ክርዳእ እንተኺኢሉ እዩ። እዚ ክኸውን ድማ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ንባብ ምምሃር የድሊ።

ኣንቢብካ ምርዳእ ሓደ ባእታ ንባብ እዩ። ናይ መወዳእታ ዕላማ ንባብ ንሓደ ፅሑፍ ኣንቢብካ ምርዳእ እዩ። ተምሃሮ እናንበቡ ክመሃሩን ዘንበብዎ ነገር ክርደኦምን እንተዘይኪኢሉ ሙሉእ ንባብ ነይርዎም ምባል ኣይከኣልን። ንምምሃር ንባብ ምኽኣል ኩሎም ዓይነታት ትምህርትን ካልኦት ፅሑፋትን ንምምሃርን ንምርዳእን ይሕግዝ። ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ተምሃሮ ብትምህርቶምን መነባብሮኦምን ውፅኢታዊ ንክኾኑ ዘገልግልን ኣብ ዝተወሰነ እዋን ጠጠው ዘይብልን ክእለት እዩ፤ ስለዝኾነ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ንባብ ምምሃር የድሊ።

ንባብ ካብ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ሓደ ኮይኑ ተቐባሊ ክእለት እናተብሃለውን ይፍለጥ። ንባብ ንሓደ ፅሑፍ ናይ ምርዳእ፣ ናይ ምትርጓምን ግቡእ ሓበሬታ ናይ ምውሳድን ከይዲ እዩ። ንባብ ዕላማ ዘለዎ ዝድለ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ ካብ ፅሑፍ ምርካብን ደራስን ተደራስን ዘራኽብ እዩ። ኣብ ዓበይቲ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ እቲ ቀንዲ ክእለት ንባብ ክምዕብል እንተኾይኑ ድማ ልምዲ ንባብ የድሊ። ክእለት ዝጥረ ብተደጋጋሚ ብምንባብ እዩ። ልምዲ ክምዕብል ተምሃሮ ናብ ንባብ ክቐርቡ ይግበኦም። ናብ ንባብ እናቐረቡ እንትመፁ ንንባብ ዝህቡዎ ግዘ እናሰፍሐ ማለት ዘንበቡዎ ፅሑፍ ብመጠንን ብገፅን እናወሰኸ እንትመፅእ ልምዲ ንባብ ይምዕብል።

ልምዲ ንባብ ንምምዕባል ድሌት ንባብ ከለዓዕሉ ዝኽእሉ ሜላታት ተጠቒምካ ትሕዝቶ ሓደ ፅሑፍ ንምርዳእ ምኽኣል እዩ። ተምሃሮ ንንባብ ዝቐረበ ትምህርቲ ብዘይ ሓገዝ መምህር ብዝተደለየ ቅልጣፈ ኣንቢቦም መልእኽቱ እንትርድኡ ናይ

ንባብ ድልየት እናሓደሮም ስለዝኸይድ ልምዲ ንባቦም እናማዕበለ ይመፅእ። ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ልምዲ ንባብ ተምሃሮ ዝምዕብለሉ መንገዲ



ምፍጣር ኣድሊይ እዩ። ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ትምህርቲ ቋንቋ እቲ ቀንዲ ክእለት ንባብ ምምዕባል ምዃኑ ይፍለጥ። ስለዚ ንባብ ናይ ምምሃር ሓፈሻዊ ሽቶ ተምሃሮ ካብ ውሽጢ ንባብ ንዝቐረበ ትምህርቲ ተደላይ ሓበሬታ ፈልዮም ወይ መምዮም ከውፅኡ፣ ዝተፈላለዩ ኣምራት ብናይባዕሎም ኣበሃህላ ክገልፁ ምብርትታዕ የድሊ። ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምስትምሃር ባእታታት ንባብን ትግርኛ መምህራን ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቕሮ እንታይ ከምዝመስል ክምልስ ትፅቢት ይግበር።

## 1.2. ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ

ናይ ቋንቋ ትግርኛ መሰረታዊ ዕላማታት ካብ ዝኾኑ ሓዲኡ ናይ ተምሃሮ ክእለት ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ምምዕባል ምዃኑ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝቐረቡ ሓሳባት ተጠቒሱ እዩ። ዘፈር ወይ ክእለት ትምህርቲ ቋንቋ ካብምንጎ ዝኾኑ እቲ ሓደ ንባብ ምዃኑ ርዱእ እዩ። እዚ ክእለት ካብ ዝምዕብለሎም ስፍራታት ቀዳማይ ቦታ ዝወሃቦ ቤት ትምህርቲ ምዃኑ ኣየጠራጥርን። ስልዝኾነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ንባብ ተኮር ትምህርቲ ዕላማ መራሺ ክኸውን ይግባእ። ዕላማ ዘለዎ ንባብ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት የማዕብል። እዚ ድማ ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ኮነ ኣብ ናብረኦም ዘጋጥሙዎም ንባባት ብቐሊሉ ንክርድኡ የኽእሎም። ብሓፈሻ ንግሁድ ዓለም ንባብ መሰረት ይኾኖም።

ኣብ ክእለት ንባብ ቋንቋ መፍትሒኣፍ ናይ ተምሃሮ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ ዘሎ ምትእስሳር ኣመልኪቱ ዝተፀነዐ የለን። ስለዝኾነውን ነዚ መፅናዕቲ ንምፅናዕ ዘለዓዓለኒ ግቡእነት መምርሕታትን ትሕዝቶታትን ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ ዝምድነኦም እንታይ ከም ዝመስል ብዘይ ምፅንዑ ሐዚ ንምንፅናዕ እዩ ።

ብተወሳኺውን መፅንዒት ኣብ ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ ኣብ እተምህረሎም ዝተወሰነ ዓመታት ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ዝመሃሩ ተምሃሮ በቢዓመቱ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝረኽብዎ ትሑት ውፅኢት ብዕላማ ንባብ ናይ ዘይምምሃሮም ፀገም ክኸውን ስለ ዝኽእል ምኽንያት ምትሓት ውፅኢት ተምሃሮ ኣንቢቦም ናይ ምርዳእ ክእለትን ምኽንያቱን እንታይ ክኸውን ይኽእል ብምባል ኣብ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ ተምሃሮ ዘሎ ተዛምዶ እንታይ ከም ዝመስል ብመፅናዕቲ ምርግጋፅ ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ወሳኒ ስለዝኾነ መፅንዒት ነዚ ንምፅናዕ



ተላዓዒላ ኣላ። ካብዚ ብምልዓል እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ መሪሕ ሕቶታት ክምልስ እዩ።

ሀ. ሕድሕድ ንባብ ዕላማ መሰረት ተገይሩ ኣብ ምምሃር እንታይ ይመስል?

ለ. ኣብ ምምሃር ባእታታት ንባብ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ እንታይ ይመስል?

ሐ. ኣብ ሕድሕድ ባእታታት ንባብ ተሳትፎ ተምሃሮ እንታይ ይመስል?

መ. ኣብ ኣመሃህራ ባእታታት ንባብ ኣቀራርባ ትምህርቲ እንታይ ይመስል?

ረ. ኣብ ሜላታት ምስትምሃር ባእታታት ንባብ ውፅኢት ተምሃሮ እንታይ ይመስል?

## 1.3. ዕላማ መፅናዕቲ

### 1.3.1. ሓፈሻዊ ዕላማ

ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራ ሜላታትን ምምሃር ባእታታትን ንባብ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ዝምድነኦም እንታይ ከምዝመስልን ኣብ ትግበራ ዘጋጥሞም ፀገማትን ብምድህሳስ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ ተምሃሮ ምግምጋም እዩ።

### 1.3.2. ዝርዝር ዕላማታት

i. ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራን ምስትምሃርን ባእታታት ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ እንታይ ከምዝመስል ምፍታሽ፤

ii. ኣብ ዕላማ ትምህርትን ምምሃር ባእታታት ንባብን ክእለት ትምህርቲ ቋንቋ ካብ ዝኾነ እቲ ሓደ ንባብ ምኧኑ ብምርዳእ ኣብኡ ዘጋጥሙ ፀገማት ምፍታሽ፤

iii. ኣብ ምምሃር ንባብ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ተምሃሮ ኣብ ትምህርቲ ኮነ ኣብ ናብረኦም ዘጋጥሙዎም ንባባት ክርድኡ ተሳትፎ ተምሃሮ እንታይ ከምዝስል ምግምጋም፤

iv. ኣብ ምምሃር ባእታታት ንባብ ኣብ ተምሃራይ መፅሓፍ ጥራሕ ዝርከቡ ምንባባት ኣንቢብካ ብቑዕ ምኧን ስለዘይካኣል ኣቕርቦት ናውቲ እንታይ ከምዝመስል ምፍታሽ፤

v. ኣብ ምስትምሃር ባእታታት ንባብ ናይ መወዳእታ ዕላምኡ ውፅኢት ስለዝኾነ ውፅኢት ተምሃሮ እንታይ ከምዝመስል ምግምጋም፤



## 1.4. ረብሓ መፅናዕቲ

እቲ መፅናዕቲ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኣድላይ እዩ ተባሂሉ ይእመን።

ሀ. ናይ ቋንቋ ትግርኛ መምህራን ኣብ ግቡእነት መምርሕታትን ትሕዝቶታትን ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራን ባእታታት ንባብ መሰረት ዝገበረ ዘለዎም ግንዛበ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ መረዳእታ ካብቲ መፅናዕቲ ክረኽቡ ይኽእሉ።

ለ. ንመዳለውቲ መምሃሪ መፅሓፍ ሰብ ሞያታት ነቲ መፅሓፍ ካልኣይ ምምሕያሽ ኣብ ዝገብሩሉ እዋን ብዛዕባ ኣቀራርባ ትምህርቲ ንባብ መንገዲ የርኢ።

ሐ. ንቐፃሊ ኣብዚ ፅንዓት ዘካይዱ መፅናዕቲ ከም መበገሲ ኮይኑ መረዳእታ ክህቦም ይኽእል ተባሂሉ ይእመን።

## 1.5. ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናታዊ ፅሑፍ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቕሮ ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ እዩ። ስለዚ መፅንዒት ደረት መፅናዕታ ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ተምሃሮ ኣብ ዝተዳለወ መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ዝተሓፀረ እዩ።

እቲ መፅሓፍ ብዙሓት ትሕዝቶታት ኣብ ውሽጡ ኣካቲቱ ዝሓዘ ዋላ እንተኾነ ቀንዲ ትኹረት እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራ ባእታታት ንባብ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ ዘድሃበ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ንባብ እንታይ ከምዝመስል ምግምጋም እዩ።

## ምዕራፍ ክልተ

## 2. ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓስባትን ቅዱማት መፅናዕትን

ኣብዚ ምዕራፍ ነዚ መፅናዕቲ ሓገዝ ክገብሩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ተዛመድቲ ፅሑፋት ፈተሻ ተገይሩሎም እዩ። ብፍላይ ምስዚ መፅናዕቲ ቅርበት ዘለዎምን ነዚ መፅናዕቲ ንምክያድ ከም መልዓሊ ዝኾኑ ሓሳባት ቀዳምነት ተዋሂቡዎም ኣሎ። በዚ መሰረት ዝምድናን ዕላማን ሕድሕድ ምስትምሃር ባእታታት ንባብን፣ ኣብ ምምዕባል ክእለት ንባብ ምምሃር ሕድሕድ ባእታታት ንባብ ዝህልዎም ረብሓ፣ መይላታት ምስትምሃርን ኣገባብ ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን ክትግበሩ ዝግበኦም ነገራትን ብዝምልከት ዳህሳስ ተዛመድቲ ፅሑፋት ተኻይዱ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ምስዚ ርእሲ ዝምድና ዘለዎም ቅዱማት መፅናዕትታት ዳህሳስ ተኻይዱ እዩ።

### 2.1. ዳህሳስ ተዛመድቲ ክልስ ሓሳባት

#### 2.1.1. ንምስትምሃር ክእለት ንባብ

Buzen (1992፣25) ንባብ ዕላማ ዘለዎ ዝድለ ሓበሬታ ካብ ፅሑፍ ምርካብን ንምስትምሃር ክእለት ንባብ ዘለዓለ ረብሓ ኣለዎ፤ ካብቶም ረብሓታት ገሊኦም እንትጥቀሱ ስን-ፅሑፍ እንትንበብ ሰሓቢ ስለዝኾነ ነቲ ንባብ ከይተሰላቸው ብንቕሓት ከንብቡ ይሕግዝ። ስነ-ፅሑፍ ንባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ማሕበረ-ሰብን ካልኦት ምንቅስቓሳት ስለዝገልፀ ኣብዚ ዓውዲ ተምሃሮ ንባዕሎም ተሳተፍቲ ገይሮም ብምሕሳብ ምስ ሂወቶምን ልምዶምን እናተሓሓዙ ምንባብ ክማሃሩ ይሐግዝ። ስነ-ፅሑፍ ንነገራትን ኩነታትን ናይ ምግላፅ ዓቕሙ ዝለዓለ ስለዝኾነ ተምሃሮ በቲ ዝንበበሎም ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕ ኣቢሎምንኩነታትን ነገራትን ብዝተፈላለየ ኣንፈት ንክሪኡን ተሃንጥዮም ከንብቡን ይገብር። ስለዝኾነውን ስነ-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣሎ።

መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ብግልፂ ዝተቐመጡ ዕላማታት ኣለውዎ። እቶም ዕላማታት ብደረጀኦም ክእለት ምንባብ፣ ምፅሓፍ፣ ምድማፅን ምዝራብን ፍልጠት ስነ-ፅሑፍን ስነ-ልሳንን ኣብ ምምዕባል መሰረት ከምዝገብር ይፍለጥ። እዚ ብመሰረት ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርቲ ዝተዳለወ መፅሓፍ ተምሃራይ ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ ነቶም ኣብ መርሃ ትምህርቲ ዝተቐመጡ ዕላማታት ንምዕዋት ብዘኽእል ኣገባብ ተዳልዩ ዝቐርብ እዩ።



መምሃሪ መፅሓፍ ካብ ዝተፈላለዩ ጠቐምቲ ፅሑፋት ዝተሓረዩ ምንባባት ኣቃሚሙ ዝሓዘ እንትኾን እቶም ምንባባት ድማ ምስ ዕድመ፣ ድሌት፣ ከባብን ደረጃ ተምሃራይን ዝመጣጠኑ እዮም። ነቶም ምንባባት

መሰረት ገይሮም ዝተዳለው ንጥፈታት ብመሰረት ቅደም ሰዓብ መርሃ ትምህርቲ በብፍርቂ ዓመቱ ተመጢኑ ዝቐርብ ይኸውን።

## 2.1.2. ንባብ

### 2.1.2.1. እንታይነት ንባብ

ንባብ ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ድምፅታትን ምልክታትን ብምፍላይን ካብ ሓደ ፅሑፍ ክምሓላለፍ ዝተደለየ ሓሳብ ናይ ገንዛብ ክእለት የመልክት። ንባብ ተምሃሮ መልእኽቲ ካብ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ዝረኽብዎ መረዳእተታት ኣብ ኣእምሮኦም ከስተንትኑ ፍረ-ነገር ንክፈልዩን ዝሕግዝ ክእለት እዩ። ምንባብ ተምሃሮ ብዛዕባ ሓደ ሓበሬታ ንከሰላስሉ ካብ ውሽጡ ፍታሕ ንክፈልጡንዘኽእሎም እዩ። ተምሃሮ መሰረታዊ ክእለት ንባብ እንድሕር ዘየማዕቢሎም ኩሎም ዓይነታት ትምህርቲ ብግቡእንክማሃሩ የፀገመሎም እዩ።

ንባብ ካብ ኣርባዕቲኦም ክእለታት ሓደ ኮይኑ ተቐባሊ ክእለት እናተብሃለውን ይፍለጥ። ንባብ ንሓደ ፅሑፍ ናይ ምርዳእ፣ ምትርጓምን ግቡእ ሓበሬታ ናይ ምውሳንን ከይዲ እዩ። ንባብብ ዕላማ ዘለዎ ዝድለ ሻበሬታ ካብ ፅሑፈ ምርካብን ደራስን ተደራስን ዘራኽብ እዩ። ንባብ ሽውዓተ ብርክታት ዝሓዘ እዩ። Buzen (1992:25) ብርክታት ንባብ ዝበሃሉ ምፍላይ፣ ውህደት፣ ውሽጣዊ ጥምረት፣ ሰፊሕ ምትእስሳር፣ ሓበሬታ ምፅናሕ፣ ምዝካርን ተረዳዳኣውን እዮም። ብተወሳኺ ነዚ ሓሳብ ኣመልኪቱ Natall (1996:2) ድማ ንባብ ብሰለስተ ይምልከቶ።

1. ምርድዳእን ምግንዛብን ፍትሒትን ስምዒትን
2. ምንፃል፣ ምፍላይን ምቑፃርን
3. ካብ ብልዕቲ ዝርርብ ምምንጫው፣ ምዝራብን ምግንዛብን እዮም ይብሉ።

በዞም ክልተ ምሁራት ከምዝተሓበረ ንባብ ሕፅር ብዝበለ ንኹሉ ረቂቕን ኣእምሮኣዊ ከይዲ ምግነዛብን ፍትሒት ምሃብን ምኳኑ ንርዳእ። ንፉዓት መንበብቲ ቃላት ቀልጢፎም ብምፍላይ ይግንዘቡን በዚ መዳይ መምህራን ተምሃሮኦም ከለማምዱዎም ይግባእ። ዩኤስ ኤይድ (USAID) ኣብ ወርሒ ግንቦትን ሰነ 2010 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሽዱሽቲ ቋንቋታትን ሸሞንተ ክልላትን መፅናዕቲ ከይዲ ተፍታሽ ንባብ ንቀዳማይ ብርኪ ፈንታቀብ (EGRA) ኣካይዱ።



ንባብ ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ድምፅታትን ምልክታትን ብምፍላይን ብምውዳድን ካብ ሓደ ፅሑፍ ክመሓላለፍ ዝተደለየ ሓሳብ ናይ ምግንዛብ ክእለት የመልክት። ንባብ ተምሃሮ ካብ ዘንበቡዎም ፅሑፋት ዝረኽብዎም መልእኽትታትን መረዳእታታትን ኣብ ኣእምሮኦም ከስተንትንዎምን ፍረ-ነገር ንክፈልዩን ዝሕግዝ ክእለት እዩ። ምንባብ ተምሃሮ ብዛዕባ ሓደ ሓበሬታ ከሰላስሉን ካብ ውሽጡ ፍታሕ ንክፈልጡን ዘኽእሎም እዩ።

### **2.1.2.2.** ባእታታት ንባብን ፅሕፈትን

ተምሃሮ ንፉዓት መንበብትን ፀሓፍትን ንክኾኑ ከማዕብሉዎም ዝግበኦም ሓሙሽተ ባእታታት ኣለው። ተምሃሮ ዓርሶም ክኢሎም ንኽንብቡን ንኽፅሕፉን ድማ እዞም ባእታተት ንፁር ብዝኾነ ሜላን ጥበብ ብዝተመልኦ መንገዲ ምስትምሃር የድሊ። □ንፁር□ ማለት ብዛዕባ እቶም ክእለታትን ከመይ ከምዝምዕብሉን ኣርኣያ ብምኳን እቶም ክእለታት ብምጥቃም ምስትምሃር ማለት እዩ። □ጥበብ□ ድማ እቲ ትምህርቲ ብስርዓት ትሕዝቶታት እንተይዘለልካ ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ምስትምሃር ዘርኢ ከይዲ እዩ። እቶም ሓሙሽተ ባእታታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. ግንዛበ ድምፂ
2. ግንዛበ ትእምርተ ድምፂ
3. ንባብ ፅፈት
4. ቃላት
5. ኣንቢብካ ወይ ኣዳሚፅካ ምርዳእ

ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝተዘርዘሩ ባእታተት ብተወሳኺ ኣብ ሕድሕድ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝርከቡ ካልኦት ኣድለይቲ ክእለታትውን ኣለው። እንተኾነ ግና እዞም ሓሙሽተ ባእታታት ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ኣዝዮም ኣገደስቲ ብምኳኖም ተምሃሮ ክእለታት ንባብን ፅሕፈትን ንኽማዕብሉ ክማሃሩዎም ዘለዎም ክእለታት እዮም። እዞም ባእታታት ብዝግባእ እንድሕር ተማሂሮም ተምሃሮ ዓርሶም ክኢሎም ምንባብን ምፅሓፍን ንክመልኩ ዘኽእል ዓቕሚ ይህልዎም።

ተምሃሮ መሰረታዊ ክእለት ንባብ እንተዘይኣማዕቢሎም ኩሎም ዓይነታት ትምህርቲ ንክምሃሩ የፀግመሎም እዩ። ንተምሃሮ ንባብ ንምምሃር፣ ነገራት ንምግንዛብን ንምርዳእን እቲ ዝቐለለ መንገዲ ትምህርቲ ብቋንቋ መፍትሒ ኣፍ እንተተጀሚሩ እዩ። ምኽንያቱ ተምሃሮ



መሰረታዊ ዝባሃሉ ፍታሕ ቃላት ብቋንቋ መፍትሒ ኣፍ ፈሊጦም ስለዝመፁን በቲ ቋንቋ ብግቡእ ክረዳድኡ ስለ ዝኽእሉን እዩ። ንምምዕባል ንባብ ልዑል ታራ ዘለዎም ንክእለት ኣቀላጢፋካ ምዝራብ ምርዳእን ተምሃሮ ንምዕባይ ዝሕግዙ ሓሙሽተ ቀንዲ ባእታታት ንባብ ከም ዘለው መፅናዕትታት ይሕብሩ። ሓሙሽተ ቀንዲ ባእታታት ንባብ ዝስዕቡ እዮም፦

ሀ**.** ግንዛበ ድምፂ፦ ድምፅታት ዘረባ ናይ ምስማዕ፣ ምፍላይን ምግንዛብን ክእለት፤

ለ**.** ግንዛብ ትእምርተ ድምፂ፦ ድምፅታት ምስ ምልክት (ፊደል) ናይ ምርኻብ ክእለትን ቃላት ንምፅራሕ ወይ ድማ ንምንባብ ይጠቅም፣

ሐ**.** ፅሕፈት፦ ክእለት ግንዛበ ድምፅን ትእምርተ ድምፅን ብምትግባር ሓደ ፅሑፍ ብቕልጡፍን ብትኽክልን ናይ ምንባብ ክእለት የመልክት፤

መ**.** ፍልጠት ቃላት፦ ቃላት ናይ ምፍላይን ምፍላጥን ፍታሖም ናይ ምግንዛብን ክእለት፤

ረ**.** ግንዛበ ፅሑፍ፦ ሓደ ፅሑፍ ኣንቢብካ መልእኽቱ ናይ ምርዳእ ተኽእሎ እዩ። ተምሃሮ ክእለት ምንባብ ከማዕብሉ፣ ኣቀላጢፎም ንምዝራብን ንምርድእን ልዑል ግደ ዘለዎም ክእለታት ክመልኩን መሰረተ ሓሳባት ክግንዘቡ እንተኾይኖም ኣፎም ብዝፈትሑሉ ቋንቋ ክማሃሩ ከምዘለዎም መፅናዕትታት ይሕብሩ። ክእለትን ልምድን ንባብ ንምምዕባል ድማ ድምፅታትን ምልክታትን ምዝማድ፣ ድምፅታት ዘረባ ምስማዕ፣ ምፍላይንምግንዛበን ከምኡውን ፍታሕ ቃላት ምግንዛብን ኣገዳሲ እዩ። ንባብ ካብ ዝተፈላለዩ ዛንታታትን ሓበሬታትን ሓሳብ ንምውሳድን ትርጉም እቱ ፅሑፍ ንምፍላጥን ዝሕግዝ ክእለት እዩ። ትርጉም ንባብ እዚ እንተኾይኑ ድማ ተምሃሮ ብዕላማ ከመሃሩ ይግባእ።

### **2.1.2.3.** ድሕረ ባይታ ተምሃሮ

ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዓሰርተ ወረዳታት ብፈንታቀብ (EGRA) ክእለት ምፍላይ ፊደላት፣ ምንባብን ምርዳእን ከምኡውን ተበግሶን ኣግባብ ኣመሃህራን መሰረት ብምግባር ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ተኻይዱ እዩ። እዚ ዝተገለፀ ከምዘለዎ ኮይኑ ደረጃ ክፍሊ ብዝወሰኸ ቁፅሪ ክእለት ምንባብን ምድማፅን ምርዳእን እናወሰኸ ከም ዝኸደ ይረኣይ፤ ይኹን እምበር ከምቲ ዝድለ ውፅኢት ዘይተረኸበ ምኻኑ እቲ መፅናዕቲ የመልክት። ብፆታ እንትነፃፀርውን ካብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝሓሸ ምኻኑ ብኻሊእ መዳይ ድማ ካብ ወረዳ ናብ ወረዳ



ዝተፈላለየ ውፅኢት ምህላው ኣርእዩ እዩ። ንኣብነት ኣብ ደቒቕ 60 ቃላት ኣብ ምንባብ ብርኪ ምብፃሕ ክኢለን ዝተረኸባ ወረዳ ከተማ ዓድዋን ኣሕፈሮምን እየን። ልዕሊ 30 ቃላት ኣብ ደቒቕ ኣብ ምንባብ ብርኪ ምብፃሕ ዝኽኣላ ድማ ከም ወረዳ እንዳ መኾኒ፣ መቐለን ወርዒለኸን እንትኾና እቲ 30 ቃላት ኣብ ደቒቕ ምንባብ ውፅኢት ዝረኸባ ድማ ወረዳ ሳዕሲዕ ፃዕዳ-እምባን ጣንቋ ኣበርገለን እየን።

እቲ መፅናዕቲ ዝሕብሮ ድምር እንትረአ ናይ መምህራን ብቕዓትን ኣገባብ ኣመሃህራን ድጋፍ ካልኦት ኣመራርሓ፣ ሓገዝ ቤተሰብ ወዘተ. ዝመሳሰሉ ብዝድለ ብርኪ ዘይምንባሩ ዘርኢ እዩ። ድምር ውፅኢት ፈንታቀብ /EGRA/ ከምዘመልክቶ ኣብ ሞንጎ ተምሃሮ ዘሎ ክእለት ምርዳእ ድምፅን ምንባብን ዝተፈላለየ ምኻኑ እዩ።

ምምሕያሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዘድልየሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቲ ኣፈፃፅማ ትሑት ውፅኢት ኮይኑ ስለ ዝተረኸበ እዩ። እዚ ዘመልክቶ ክፍተት ኣብ ሞንጎ ምንባብን ምድማፅን ዝገብሮ ኣስተዋፅኦ ናይ ክእለት ምቕባል ተምሃሮ ትሑት ኮይኑ ክእለት ምፍላይ ፊደላት፣ ፊደላት ብምጥማር ቃላት ምምስራት፣ ቅልጣፈ /ናህሪ/ ንባብ፣ ፅፈት ንባብ፣ ምፍላይ ቃል ምስ ትርጉምን ሙሉእ ሓሳብን ብፅፈት ምንባብ ዘይምህላው እዩ።

እዚ ኣብ ከይዲ ትምህርቲ ዘሎ ክፍተት ብቐሊሉ ንምርኣይ ዝኽእል እዩ። ኣብ ውፅኢት ኣንቢብካን ኣዳሚፅካን ምግንዛብ ገፊሕ ኣፈላላይ ኣሎ። እዚ ከዓ ተምሃሮ ንክልቲኦም ክእለታት ኣመጣጢኖም ክኸዱ ዘይምኽኣሎም እዩ ዘመልክት። ውፅኢት እዚ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ መንግስቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ ሜላ ኣመሃህራ ንባብን ክእለት ንባብን ተምሃሮ ዘሎ ፀገም ንክርኢ ንኽእለት ንባብ ቋንቋ መፍትሒ ኣፍ ቀዳምነት ሂቡ ንክሰርሕ ኣገዲዱ እዩ።

READTA ምስ ሚኒስተር ትምህርትን ዩኤስ ኤይድን ብምትሕግጋዝ ህፃናት ብቋንቋ ትግርኛ ንባብን ፅሕፈትን ከመይ ከም ዝመልኩ ዘርእዩ መፅናዕትታት መሰረት ብምግባር ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ኣዳሊዩ ኣሎ። ብመሰረት ሓዱሽ መርሃ ትምህርቲ (ሲለበስ) ሓዱሽ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ቋንቋ ትግርኛ ምድላው ተኻኢሉ እዩ። ሓድሽ ክዳሎ ዝተገበረሉ ምኽንያት ብዋናነት ውፅኢት ተምሃሮ ብዝሓሸ ንምርግጋፅን ዕላማ ትምህርቲ መሰረት ዝገበረ ኣተገባብራ ባእታታት ንባብ ብምምሃር ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ንምርዳእ ንቋንቋ መፍትሒ ኣፍ ዝለዓለ ረብሓ ብምህላው እዩ።

11

### 2.1.2.4. ስልትታት ንባብ

ስልትታት ንባብ ኣብ ሰለስተ መቑልካ እነትረአ ቅልጣፈ ንባብ፣ ዳህሳስ ንባብን ዓሚቕ ንባብን ኢልካ መቑልካ ምርኣይ ዝከኣል ኮይኑ በሕድሕድ እንትትንተኑ ድማ ምስ ናይ ዘተፈላለዩ ምሁራን ሪኢቶ ዝስዕብ ይመስል።

#### 2.1.2.4.1. ቅልጣፈ ንባብ (scanning)

ቅልጣፈ ንባብ ካብ ውሽጢ እቲ ምንባብ እንደልዮ መረዳእታ ንምርካብ ዓይንና ብቕልጣፈ ብምንቅስቓስ እነንብበሉ ሜላ ምዃኑ (Grellet 1981፥3) ይገልፅ። እዚ ንቅልጣፈ ንባብ ብቕልጡፍ ምንባብ ግቡእ ምዃኑን ካብ ውሽጢ እቲ ምንባብ ዝተወሰነ መረዳእታ ምርካብ ዘይኮነስ ናይቲ ምንባብ ኣጠቓላሊ ሓሳብ፣ ናይቲ ምንባብ ኣደረጃጅዋን ፀሓፋይ ከመሓላልፎ ዝደለዮ መልእኽቲ ንምግንዛብ ከምዘኽእልን ንዝርዝር ሓሳባት ጠመተ ከምዘይገብር የመልክት። ብምዃኑውን ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ እቲ ምንባብ ካብ ቃል ብደረጃ ምሉእ ሓሳብ ዝተገለፀ ሓቂ ንክሪኡ ወይ እቲ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ምዃኑ ንክገልፁ እንትሕተቱ ወይ እቲ

ምንባብ ብቅልጣፈ ኣንቢቦም ዝምልሱዎም ዝተወሰኑ ሕቶታት እንትወሃቦም ናይ ቅልጣፈ ንባብ ስልቲ ንኽጥቀሙ Nuttall (1982፥40) ይገልፅ።

#### 2.1.2.4.2. ዳህሳስ ንባብ (skimming)

ዳህሳስ ንባብ ዓይንና ብቅልጣፈ ብምንቅስቓስ እንደልዮ ስም፣ ዕለት፣ ዓመተ ምህረት፣ ሓደ ቃል ክንደይ ግዜ ከምዝተደጋገመ ካብቲ ትሕዝቶ ዝተወሰነ መረዳእታ ንምውፃእ ይጠቅም።

Grellet (1981÷4) & Nuttall (1982፥23) ኣብ ዳህሳስ ንባብ ዝድለ ጥቕሉል ወይ ዝርዝር ሓሳብ እንተይኮነስ ዝተወሰነ መረዳእታ ካብቲ ምንባብ ኣልሽካ ንምርካብ፣ ድግግም ቃላት ንምርኣይ፣ ስማት፣ ዕለታት፣ ዓመት ምህረትን ዝተፈላለዩ መረዳእታታትን ብቕልጣፈ ዓይኒ ኣብቲ ምንባብ ብምንቅስቓስ ፈሊኻ ንምውፃእ ዘገልግል ስልቲ እዩ።

#### 2.1.2.4.3. ዓሚቕ ንባብ (Accuracy)

ዓሚቕ ንባብ ብመምህር ናይ ቀረባ ክትትል በቲ ምንባብ መሪሕነት ተምሃሮ ንትሕዝቶ እቲ ምንባብ ፅቡቕ ጠመተ ብምሃብ ዘንብቡሉ ስልቲ እዩ። ዋና ዕላምኡ ተምሃሮ ናይቲ ምንባብ ሓሳብ ብዝርዝርን ብዕምቆትን ንክርድኡዎን መልእኽቲ እቲ ምንባብ ንክምርምሩዎ ምግባር ምዃኑ Nuttall (1982÷23) ገሊፁ። ካብዚ ምርዳእ ዝካኣል ሓደ ምንባብ ብትኹረት ብምንባብ



ዝርዝር መልእኽቱ ምግንዛብ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕድሕድ ቃል፣ ሓረግ፣ ምሉእ ሓሳብ፣ ኣደረጃጅዋ ዓንቀፅን ካብቲ ምንባብ ክተሓላለፍ ዝተደለየ ዓሚቕ መልእኽቲ ዝምርመረሉ ስልቲ ንባብ እዩ።

ብተወሳኺውን Grellet (1981÷4) ብዛዕባ ዓሚቕ ንባብ እንትገልፁ ካብ ሰፋሕቲ ምንባባት ኣብ ሓፀርቲ ምንባባት ዓሚቕ ንባብ ዝተወሰነ ሓሳብ ብትኽክል ንምርካብን ንምቁፅፃርን ምችው አዩ። እዚውን ብዕምቆት ኣብ ዝንበበሉ እዋን ኣብ ውሽጢ እቲ ምንባብ ዘለው መልእኽቲ ምፅናዕ ስለዝግባእ ካብ ሰፋሕቲ ምንባባት ሓፀርቲ ምጥቃም ይምረፅ ይብሉ።

## 2.2. ኣብ እዋን ትግበራ ምምሃር ንባብ ክትግበሩ ዝግበኦም

እዞም መይላታት ባእታታት ንባብ ኣብ ክፍሊ ውፅኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ንምትግባር ካልኡ ዝግበኦም ኣድለይቲ ዝኾኑ ነገራት Armbrustor and Osbom (2001÷15) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት የቕርቡ።

ሀ**. "**ኣነ ክብል፣ ብሓባር ንበል፣ ንስኹም በሉ**"** ዝብል ኣቀራርባ ኣብ ክፍሊ ምትግባር

መምህራን ዝተፈላለዩ ምስትምሃር ባእታታት ንባብ ኣብ ክፍሊ እንተቕርቡ መጀመርታ ከመይ ጌርካ ከምዝትግበር ንተምሃሮኦም ከም መርኣያ ኮይኖም ባዕሎም ሰሪሖም ከርእዩዎም ይግባእ። ቀፂሉ ድማ ነቲ ንጥፈት መምህርት ተምሃሮን ብሓባር ብምዃን የተግብሩዎ፤ ኣብ መወዳእታ ድማ ተምሃሮ ንበይኖም

ንኽተግብሩዎ ዕድል ምሃብ። በዚ ኣገባብ ዝትግበር እንተኾይኑ ተምሃሮ ነቶም መይላታት ብዝበለፀ ንኽመልኩዎም ዕድል ይፈጥረሎም።

ለ. ነቲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣደጊፍካ ምቕራብ

ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ እንትቐርብ ብመምህርን ብተምሃሮን ዝስርሑ ንጥፈታት ክቐርቡ ይግባእ። ቅድሚ ወይ ድሕሪ ናይ መምህር ገለፃ ተምሃሪ ዝሰርሑዎም ንጥፈታት ምቕራብ ኣድላይ እዩ። እዚ ማለት ተምሃሮ ኣብ ምምሃር ንባብ ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝበለፀ ዕውት ምግባር ይከኣል።

Gunning (2013÷11) "ተምሃሮ ንጠፈታት ንክሰርሑ መምህራኖም ዕድል ክህቡዎም ይግባእ። ከምኡውን ተምሃሮ ዓርሶም ክኢሎም ንክለማመዱ ምችው ባይታ ክጣጠሐሎም ይግባእ" ብምባል የጠናኽሮ። ስለዚ ኣብ ከይዲ ምምሃር ባእታታት ንባብ ንተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ብምሃብ ተምሃሮ ነቲ ናይ ዕለታዊ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብዝበለፀ ንክለማመዱዎ ምግባር ኣድላይ እዩ።

13

ሐ. ትሕዝቶ ትምህርቲ ብዝተፈላለዩ ናውቲ ትምህርቲ ኣደጊፍካ ምቕራብ

እዞም ሜላታት ምስትምሃር ኣብ ክፍሊ ኣብዝትግበረሉ እዋን ነቲ ተተግባሪ መይላ ዝጠልብ መምሃሪ ሓገዝ ብምጥቃም ምትግባር የድሊ። ብፍላይ እዞም መይላታት እዚኦም ኣብ ቤትትምህርቲ ዘለው ተምሃሮ ክእለት ንባቦም ንምምሕያሽ ተባሂሎም ዝተቐረፁ መይላታት ኣማሃህራ ክእለት ንባብ ስልዝኾነ ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ዘለው ትሕዝቶታት ትምህርቲ ናብ ክፍሊ ብምምፃእ ብኸመይ ከምዝትግበሩ ምልምማድ የድሊ። ነዚ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ዘለው ትሕዝቶታት በኸመይ ከምዝትግበሩ ኣብ ክፍሊ ክለማመዱዎም ይግባእ።

መ. ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሃናፂ ዝኾነ ግብረመልሲ ምሃብ

ምሃብ ግብረመልሲ ቀንዲ ክፋል ምስትምሃር እዩ። መምህራን ንተምሃሮኦም መልሲ እንትህቡ፣ ዕዮታት እንትሰርሑን ሓደሽቲ ክእለታት እንተተግብሩን ናይ ዝተዓዘቡዎ ዝርዝር ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት ግብረመልሲ ምሃብ ተምሃሮ እንታይ ከምዝተምሃሩን ከምዝተግበሩን ንክርድኡ ይሕግዞም እዩ። መምህራን ግብረመልሲ እነትህቡ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብቅደም ሰዓብ ከተግብሩ ይግባእ።

1. መልሲ ተምሃራይ ትኽክል ምዃኑነ ዘይምዃኑን ምንጋር።
2. ብትኽክል ንዝመለሱዎም ትኽክል ምዃኖም ምርግጋፅ፤ ዘይመለሱዎም ሕቶታት ድማ ዝርዝር መብርሂ ምሃብ።

3. ካብ ዝሰርሑዎም ኣወንታዊ ስራሕቲ ብምጅማር ሃናፃይ ግብረመልሲ ምሃብ። ነዚ ሓሳብ ብተወሳኺ ተኽለሃይማኖት (2000÷338) እውን "ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ንዘቕርቡዎም ዕዮታት ዝተጋገዩ ምኳኖምን ዘይምኳኖምን ከንገሮም ይግባእ" ብምባል የጠናኽሩዎ። ብሓፈሻ ካብዞም ኣብላዕሊ ብሙሁራን ዝተውሃቡ ሓሳባት እንግንዘቦ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምሃብ ግብረመልሲ ወሳኒ ምኳኑን ናይቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ሓደ ኣካል ምኳኑን ምግንዛብ ይካኣል እዩ።

ረ. ኣሳታፋይ ዝኾነ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምጥቃም

ኣብ ከይዲ ትግበራ ምምሃር ምስትምሃር ባእታታት ንባብ ተሳትፎ ተምሃሮ ልዑል ቆላሕታ ክወሃቦ ይግባእ። መምህራን ኣብ እዋን ምስትምሃር ካብ ዘጓንፉዎም በዳህቲ ነገራት ሓደ ምህላው በዝሒ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ተጠቃሲ እኳ እንተኾነ ነዞም ኣብ ክፍሊ ዘለው ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተምሃሮ 14

ዘማእኸለ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክጥቀሙ ግና ይግባእ። ስለዚ ንተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ሕድሕድ ተምሃራይ ድማ ነቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ብንጡፍ ተሳትፎ ንክምልሱ ናይ መምህራን ፃዕሪ ዓብይ ቦታ ዝወሃቦ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ እንትሳተፉ ሃናፂ ዝኾነ መተባብዒ ብምሃብ ድማ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ፅቡቕ ሃዋህው ክፍሊ ንክፈጥር ምግባር የድሊ። ነዚ ሓሳብ ተክለሃይማኖት ንኣር(Ur.P.1996÷169) ብምጥቃስ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል የጠናኽሮ። "ተምሃራይ ሎሚ ዝሰርሖ ነገር ምሉእ ስለዝኾነ ወይከዓ ሎሚ ፅቡቕ ስለዘይሰርሐ ኩሉ ግዜ ከምኡ እዩ ኢልካ ምድምዳም ዘይግባእ ምኳኑ እዩ።

ንፅቡቕ ስራሕ "ፅቡቕ" ምባል ዝድገፍ እኳ እንተኾነ፤ ብምግጋዩ "ሰነፍ" ድኹም፣ ዘይረብሕ" ዝብሉ ሪኢቶታት ብምሃብ ግና መፃኢ ሂወት ተምሃራይ ምውሳን ስለዝኸውን ክውገድ ይግባእ (2000÷309)" ይብል። ካብዚ ሓሳብ እንግንዘቦ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ኣብ ዝሳተፉሉ እዋን ሃናፂ ዝኾነ መተባብዒ ዘይንህብ እንተኾይንና ኣብቶም ዝቕፅሉ ክፍለግዝያት ንከይሳተፍ ንዓግቶ ዘለና ምኳና ክንግንዘብ ይግባእ። እዚ ድማ ዝሐሸ ብቕዓት ዘለዎ ተምሃራይ ኣብ ምፍራይ ዓንቃፊ ከምዝኾነ ግሁድ እዩ፤ ስለዚ እዞም ባእታታት ንባብ ኣብ ክፍሊ ኣብ ዝትግበሩሉ እዋን መምህራን ኣብቲ ክፍሊ ንዘለው ዝተፈላለዩ ተምሃሮ ምስታፍ ከም ሓደ ዓብይ ዕማም ክሕዙዎ ይግባእ።

### **2.2.1.** ባእታታት ልምዲ ንባብ

ንባብ እንትበሃል ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ድምፅታትን ምልክታትን ብምፍላይን ብምውዳድንካብ ሓደ ፅሑፍ ክመሓላለፍ ዝተደለየ ሓሳብ ናይ ምግንዛብ ክእለት የመልክት። ንባብ ተምሃሮ

ካብዘንበብዎ ፅሑፍ ዝረኸብዎ መረዳእታ ኣብ ኣእምሮኦም ከስተንትንዎምን ፍረ ነገር ንክፈልዩን ዝሕግዝ ክእለት እዩ (Burns Grittin and Snow 1999፣24)።

Smith (1997፥4) ከምዝገለፆ ልምዲ ንባብ ዕላማ ትምህርቲ ንባብ ኣብ ምምዕባል የተኩር። እዚ ልምዲ ክምዕብል ድማ ሰባት ናብ ንባብ ክቕርቡ ይግበኦም። ሰባት ናብ ንባብ እናቐረቡ እንትመፁ ንንባብ ዝህብዎ ግዘ እናሰፍሐ ይመፅእ፣ ዘንበብዎ ፅሑፍ ብመጠንን ብገፅን ይውስኽ። ሰባት ንናይ ምንባብ ግዘ እንተስፍሑ ዘንበብዎ መፅሓፍ፣ መፅሄት፣ ጋዜጣ ወዘተ. ብዓይነትን ብቑፅርን እናወሰኸ እንትመፅእ እዩ ልምዲ ንባብ ኣማዕቢሎም ተባሂሉ ክጥቀስ ዝኽእል። ልምዲ ንባብ ዘማዕብሉ ነገራት ብተደጋጋሚ ብምፍፃም እዩ። እዚ ማለት ነገራት
ብዝተደጋገመ እንትፍፀሙ ናብ ኣእምሮ ሰሪፆም ናይ ምእታው ዕድል ይረኽቡ። ኣብ ኣእምሮ ዝሰርፀ ድማ ብቐሊሉ ዘይለቅቕ ይኸውን። በዚ መንገዲ ምንባብ ዝጅምር መንበቢ ድማ ከምቲ ዝስዕብ ይግለፅ።

### 2.2.1.1. ድልየት ንባብ

Silberstin (1994፣12) ልምዲ ንባብ ዘማዕበለ ተምሃራይ ኣብ ኢዱ ዝኣትው ንደረጅኡን ንዕድሙኡን ዝምጥኑ መፃሓፍቲ፣ ጋዜጣን መፅሄትን ናይ ምንባብ ድልየት ይሓድሮ። ብምኳኑ ካልኦት ዝንበቡ ነገራት ገዚኡን ተውሒሱን እናንበበ ምርኣይ ዝተለመደ ይኸውን ምስ ኣንበበውን ዘንበቦ ቁምነገር ንመሓዝቱ ወይ ንወለዱ ንምክፋል ድልየት ይህልዎ።

### 2.2.1.2. ቅልጣፈ ንባብ

ልምዲ ንባብ ኣማዕቢሉ ዝበሃል ተምሃራይ ብቕልጣፈ ምንባብ ይኽእል ማለት እዩ። ቅልጡፍ መንበቢ ዝበሃል 600 ቃላት ብደቒቓ እንተንብብ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ሓደ ደቒቓ 200 ቃላት ወይ ትሕቲኡ ካብ ዘንበቡ ዝንጉዓት መንበብቲ ኣፀቢቑ ዝበለፀ እዩ።

### 2.2.1.3. ስልቲ ንባብ ምቕያር

ልምዲ ንባብ ዘማዕበለ ተምሃራይ ኣብ ዘንብበሉ እዋን ከም ዕላማ እቲ ንባብን ቁምነገርን ስልቲ ንባብ ምቕያር ይካኣል። እዚ ማለት ካብ ግርፊያ ንባብ ናብ ዳህሳሳዊ ንባብ፣ ካብ
ሰፊሕ ንባብ ናብ ጥልቂ ንባብ ወይ ብተፃራሪ ከም ኣዳላይነቱ እናቀያየረ ምንባብ ይኽእል ማለት እዩ። በዚ መልክዕ ዘንብብ ተምሃራይ ናይ ምንባብ ክእለቱ ዝለዓለ እዩ።

### 2.2.1.4. ዓውታዊ ንባብ

ልምዲ ንባብ ዘማዕበለ ተምሃራይ ብሰላሕታ ካብ ዝገብሮ ንባብ ብተወሳኺ ብዓውታ ንባብ ፅቡቕ ኣቀራርባ የርኢ። ከምዚ ዓይነት መንበቢ ድምፁ፣ መጠኑን ስምዒቱን ሓሓሊፋ እናረኣየ ምንባብ ይኽእል።

### 2.2.1.5. መገምገሚ ነጥብታት ንባብ

❖ ንባብ ዝኾኑ ፅሑፋት ምኺኖም ዘድልዩ ረቛሒታት:-

1. ምስ ተምሃሮ ማሕበረ ባህላዊ ባይታ (ዓዉዲ) ዝጠዓዓም ምኺኑ፣
2. ድልየት ንባብ ተምሃሮ ከለዓዕል ዝኽእል ምኺኑ፣
3. ነቲ ብርኪ ዝምጥኑ ቃላት ዝሓዘን ፍትሒቶም ካብ ዓዉዱ ክርከብ ዝኽእል ምኺኑ፣
4. ሓደሽቲ ቃላት ዝሓዘ ምኺኑ፤
5. ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ሕቶታት ንምድላዉ ዝሕግዝ ምኺኑ፤
6. ንዘተን ንክትዕን ዝዕድም ምኺኑ፤
7. ዘይቤያዊ፣ ቋንቋኛ፣ ምስላዊ ኣዘራርባ፣ ወዘተ. ዘተኣናግድ ኣዋድዳ ዝሓዙ ሓፀርቲ ፅሑፋት (ገላፂ፣ ተራኺ ወዘተ.) ዝሓዘ ምኺኑ፤
8. ሓደ ርእሰ ጉዳይ ብዕምቆት ብምፍታሽ ንክለዓዓሉ ዝደፋፍእ፤

### 2.2.2. ፀለውቲ ዛዕባታት ንባብ

ንባብ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ተፈላልዩ ንረኽቦ። ልምዲ ንባብ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላልዩ ኣውንታዊ ወይ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ዝገብሩ ነገራት ኣለው (Carbo÷1991)። ንሳቶምውን ዝነብረሉ ከባቢ፣ ኩነታት ውሽጣዊ ስምዒት፣ ማሕበራዊ ድልየትንስነልቦናዊ ዝንባለን እዮም። እዞም ነጥብታት ምስናትና ጭቡጥ ልምዲ ንባብ እንትነገናዝቦም ሓቂ እዩ ዘብሉ እዮም። ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ዝነብረሉ ማሕበረሰብ ንባብ ከም ትርፊ መሕለፊ ግዜ ዘይኮነስ ኩሉ ግዜ ከም ስራሕ ዝቖፅሮ እንተኾይኑ እዩ። ልምዲ ንባብ ድኹም ክኸውን ፅዕንቶ ዝገብሩ ነገራት ሓዲኡ ንባብ መዘናግዕን መሐጎስን ጌርካ ዘይምሕሳብ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ልምዲ ንባብ ዘጋጥሙ ፀገማት ከምቲ ዝስዕብ ይዝርዘሩ:-

- ✓ ዝሰልጠነ መምህር ዘይምህላው፣
- ✓ ኣብ ቀረፃ ስርዓተ ትምህርቲ ዝረኣዩ ክፍተታት፣
- ✓ ናይ ህፃናት ፅዕንቶ ስራሕ ምብዛሕ፣
- ✓ ምውሓድ ቀረብ መፃሓፍቲ፣
- ✓ ምውሓድ ቤተ-መፃሓፍቲ፣
- ✓ ሕብረተሰብ ኣብ ንባብ ዘለዎ ኣረኣእያ ድኹም ምኺን፣
- ✓ መራኸብቲ ማዕኸናት ንመፅሓፍትን ንባብን ትኹረት ዘይምሃብ፣
- ✓ ናይ ቴለቪዥን፣ ኮምፒተርን ቪድዮን ጭዋታታት ምስፋሕ።

ብኣጠቓላሊ ድልየት ንባብ ንምምዕባል ንክእለት ንባብ ሓደን ዓብይን መሰረት እዩ:: ስለዝኾነ ድልየት ንባብ ዘይምህላው፣ እኹል ቀረብ መፃሓፍቲ ዘይምህላውን እኹላት ዝኾኑ ቤተ-መፃሕፍቲ ዘይምህላውን ልምዲ ንባብ ንከይምዕብል ዝገብሩ ዓበይቲ ፀገማት እዮም::

### 2.2.3. መማዕበሊ መንገድታት ልምዲ ንባብ

ልምዲ ንባብ ዝምዕብል ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብምንባብ እዩ:: ዝሐሸ ልምዲ ንባብ ንምጉልባት ይሕግዙ እዮም ተባሂሎም ብዝተፈላለዩ ምሁራን ካብ
ዝተጠቐሱ ንገሊኦም እንትንርኢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ምንባብ፣ካብ



ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ምንባብ፣ ሓበርቲ ነገራት ኣብ እዋን ንባብ ብዝግባእ ምጥቃም ከምኡውን ንብቑዕ መንበባይ ዘብቅዑ ባህሪታት ፈሊጥካ ኣብ ተግባር ምውዓል ዝብሉ እዮም (May 1990፥30 Millan 1991፥32)::

#### 2.2.3.1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ንባብ ዘማዕብሉ

ናይ ተምሃሮ ምምሃርን ልምድን ንባብ ንምምዕባል ዝዓበየ ብፅሒት ዝሕዝ ናይ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ክፍልን ካብ ክፍሊ ወፃእን ዝገብሩዎ ልምምድ ንባብ ከምዝኾነ ይፍለጥ:: እዚውን ተምሃሮ ብናይ መምህራኖም ሓገዝ ዝገብሩዎ ልምምድ ንባብ፣ ዓርሰ-ብዓርሶም ዝገብሩዎን ብውልቆም ዝገብሩዎ ልምምድን ኩሉ የጠቓልል (Silberstein 1994፥10)።

Carrel and Detine (1995፥14) ከምዝገልፁዎ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ልምዲ ንባቦም ዘማዕብሉዎ ንባብ ከመይ ክመሃሩን ክትግብሩን ከም ዘለዎም ብግልፂ እንትንገሮም እዩ:: ስለዝኾነውን መምህራን ንተምሃሮኦም ንባብ ኣብ ዘለማሙዱሉ እዋን ዝጥቀሙሎም ስልትታት ብዛዕባ ዘንብቡዎ ፅሑፍ እቶም ተምሃሮ ዘለዎም ፍልጠት ቀዲምካ ምሕታት፣ ናይቲ ፅሑፍ ጥቕሉል መልእኽቲ ምሕባር፣ ምስ ኣንበቡ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ምፍላጥን እቲ ፅሑፍ በየናይ መንገዲ ከንብቡ ከምዘለዎም ዝብሉ ይርከቡዎ::

ብተወሳኺ እዚ ሓሳብ ኣመልኪቱ Silberstein (1994፥10) ከምዘብረሆ መምህራን ናይ ተምሃሮኦም ልምዲ ንባብ ንምጉልባት ተምሃሮ ብውልቀን ብጉጅለን ብምምዳብ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ብምዕዳል ዕላማ ንባብ ከሳኽዕ ዝኽእል ክሂል ንባብ መሪፆም ክጥቀሙ ብምግባር ከለማምድዎም ይግባእ:: እዚውን ነንሕድሕዱ ፅሑፍ በየናይ ዓይነት ስልቲ ከም ዘንብቡ ምዝራብን እቲ ዝተመረፀ ስልቲ ብኣግባብ ምጥቃምን ዘይምጥቃምን ምርግጋፅ የድሊ::

### 2.2.3.2. ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ንባብ ዘማዕብሉ

ልምዲ ንባብ ተምሃሮ ዝምዕብለሉ መንገዲ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዝግበሩ ልምምድ ንባብ እንተኾነውን ኣብ ትርፊ እዋኖም ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዝገብሩዎ ልምምድ ንባብ ልምዶም ንምምዕባል ዓብይ ሓገዝ ከም ዝገብር ብቡዙሓት ምሁራን ተገሊፁ እዩ::



ካብዚኣቶም Greenall & Swant (1996፥14) ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ብውልቆም ይኹን ብስድረኦም ሓገዝ ሰፊሕ ልምምድ ንባብ ከምዝገብሩ ትፅቢት ከምዝግበረሎም ይገልፁ። እዚ ማለት ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት እናንበቡ ልምዲ ንባቦም ከማዕብሉ ወለዲ ምሕጋዝን ምብርትታዕን ከምዝግበኦም እዩ::

May (1990፥30) ነዚ ብምምልካት “ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ንክህልዎም ዝድለዩ ተምሃሮ ንባብ ዝፎትዩን ዝኽእሉን ሞዴል መንበብቲ ኣብቲ ከባቢ ክህልውዎም ይግባእ” ይብሉ:: እዚ ኣባሃህላ ዘመልክቶ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢውን ብቐረባ ዝሪኡዎን ዝረኽቡዎን ፅቡቕ መንበቢ ምህላው ድልየት ንባቦም አለዓዒሉ ንከንብቡን ልምዶም ንከማዕብሉን ኣብ ምግባር ናይ ባዕሉ ፅዕንቶ ከምዘለዎ እዩ::

### 2.2.4. ስነ-ፅሑፍ ንምስትምሃር ክእለት ንባብ

ስነ-ፀሑፍ ንምስትምሃር ንባብ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ። ካብቶም ረብሓታቱ ገሊኦም ንምጥቃስ፦

- ስነ-ፅሑፍ እንትንበብ ሰሓቢ ስለዝኾነ ከይተሰላቸው ብንቕሓት ከንብቡ ይሕግዝ።
- ስነ-ፅሑፍ ንባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ማሕበረ-ስብን ካልኦት ምንቅስቓሳትን ስለዝገልፅ ኣብዚ ዓውዲ ተምሃሮ ንባዕሎም ተሳተፍቲ ገይሮም ብምሕሳብ ምስ ሂወቶምን ልምዶምን እናተሓሓዙ ምንባብ ክማሃሩ ይሕግዝ።
- ስነ-ፅሑፍ ንነገራትን ኩነታትን ናይ ምግላፅ ዓቕሙ ዝለዓለ ብምኳኑ ተምሃሮ በቲ ዝቐረበሎም ስን-ፅሑፋዊ ስራሐ ኣቢሎም ንኩነታትን ነገራትን ብዝተፈላለየ ኣንፈት ንክሪኡን ተሃንጥዮም ንከንብቡ ይገብር። ብምኳኑውን ስን-ፅሑፍ ኣብ ምስትምሃር ቋንቋ ዝለዓለ ግደ ኣለዎዝብል እምነት ኣለና፤ ነዚ ርድኢትና ወይ ግንዛበና ዘራጉዱ ፅሑፋትውን ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለው።

ተምሃሮ ሓደ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ኣንቢቦም ብዘለዎም ዓቕሚ ንኽግንዘቡ መምህራን ተምሃራይ ተኮር ሜላ ክመርፁን ክጥቀሙን ኣለዎም። ኣብ ክፍለግዜ ምስትምሃር ንባብ መምህራን ነቲ ትምህርቲ ብቀጥታዊ ሕቶታት ክጅምሩዎ ኣለዎም። እቶም ሕቶታት ጭቡጥ ሓቂ ዝድህስሱ ኮይኖም ኣበ መዓበይ ገፀባህርያትን ውዲትን እቲ ዝንበብ ፅሑፈ እናመልከትካ ክትምልሶም ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም። ተምሃሮ

ቀጥታዊ ግንዛበኦም በቲ ዝተመረፀ ፅሑፍ ምስመለኹ ናብ እንታት ይውክል ወይ እንታይ ንምባል ተደልዩ እዩ ናብዝብል ክሰጋገሩ ይግበር።



ከምዚ እንትገብሩ ትፅቢቶም ማለት ኣብ ገፀ-ባህርያይ፣ መዓበይን ቴማን ኮይኑ እቲ ደራሲ ዝደለዮ ነገር ወይ ዛዕባ ዝገልፀሉ ኩነታት ይፈጥር። ድሕሪ ግንዛበ ቀጥታዊ ይኹን ውክልናዊ ኩነታት ስነ-ፅሑፍ ተምሃሮ ብሓባር ክሰርሑ ድልዊ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብምኳኑ ተምሃሮ ኣብቲ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ዘለዎም ገምጋምን ውልቃዊ ሓሳባትን ማለት ኣብ ገፀ-ባህርያት፣ ኣብ ቴማን ምልክታ ሓሳባትን ክለዋወጡ ይኽእሉ። እዚ ኩነታት ብተወሳኺ እቶም ተምሃሮ ኣብቲ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ዝተውሃበ ባህሊ ተንከፍ ቴማን ሓሳብን ንክለዋወጡ ምችው ኩነታትን ግዜን ይፈጥረሎም። እቲ ሳልሳይ ብርኪ ድማ ተምሃሮ በቲ ዘካየዱዎ ገምጋም ምናባዊ ንጥፈት ኣብቲ ስራሕ ንኽሳተፉ ስለዝሕግዞም ዘለዎም ዓቕሚ ምፍታሕ ፀገም ክዓቢ ይገብሩ። ከምዚኦም ዝበሉ ሕቶታት ዝካየድ ምይይጥ ንዝርርባውን ፅሑፋውን ንጥፈታት ቋንቋ መሰረት ክኸውን ይኽእል። ብምባል ታደሰ ሃይለማርያም ኣብ ዘይተሓተመ ፅሑፍ ገፅ 39 ይገልፆ።

ከም ኣገላልፃ በድሉ ዋቅጅራ (2007÷43) ድማ ሓደ ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፍ ቀንጭብካ ብምውሳድ ንምስትምሃር ክእለት ንባብ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ዝሕግዙና ሰለስተ ሜላታት ኣለው ይብል።

1. ሕድሕድ ተምሃራይ ብናይባዕሉ ቅልጣፈ ብስቕታ ዘንብበሉ ሜላ፤
2. መምህር ድምፁ ዓው ኣቢሉ እንተንብብ ተምሃሮ ብፀጥታ እናንበቡ ዝከታተሉሉ ሜላ፤
3. ተምሃሮ በብተራ እናወፁ ልዕል ብዝበለ ድምፂ ዘንብብሉ ሜላ እዮም።

### **2.2.5.** ንምስትምሃር ንባብ ዝውዕል ስነ-ፅሑፍ ከመይ ንሓሪ

በድሉ ዋቅጅራ (2007÷29) ንባብ ቋንቋ ንምስትምሃር ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ነዞም ኣርባዕተ ነጥብታት መሰረት ብምግባር ክመረፅ ኣለዎ ይብል።

ሀ**.** ሰሓባይነት እቲ ስነ**-**ፅሑፍ

ሓደ ንመስተምሃሪ ንባብ ዝውዕል ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ሰሓባይ ክኸውን ኣለዎ እንትባሃል ናይ ተምሃራይ ድሌት፣ ስምዒትን ቀልብን ወጢሩ ክሕዝ ዝኽእል ስራሕ ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብቲ ዝቐረበ ፅሑፍ ናየባዕሎም ቦታ ክህልዎም ይገብር። በዚ ምኽንያት ድማ ብዛዕባ እቲ ናይቲ ስነ-ፅሑፍ ትሕዝቶ ዝበለፀ ናየ ምፍላጥ ድሌት ክሓድሮም ብምግባር ነቲ ምንባብ ብትኹረት

ከንብቡ ዕድል ይፈጥር። ብተወሳኺውን ሓደ ስራሕ ስነ-ፅሑፈ ሳሓባይ ክኸውን እንተኾይኑ ናይ ተምሃራይ ልምዲ፣ ስምዒት፣ ኣመለኻኸታ ከምኡውን ምስ ናይ ቀፃሊ ራእዮም ዝተተሓሓዘ ክኸውን ይግባእ።

ለ. ትሕዝቶ ዘገናዘበ ስነ-ፅሑፋዊ ስራሕ ክኸውነ ኣለዎ

እዚ ማለት ድማ መሰረትና ናይቲ ስነ-ፅሑፈ መልእኽቲ ወይ ትሕዝቶ እንተይኮነስ ትኹረት ክንገብረሉ ዘለና እቲ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ዝቐረበሉ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እዩ። እዚ ድማ ቃላት፣ ሓረጋትን ሙሉእ ሓሳባትን ዝምልከት ኮይኑ ከም ምስላን ዘይቤኣዊ ኣገላልፃን ዘኣመሳሰሉ ኣጠቓቕማታትውን የጠቓልል።

ሐ. ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ምኳን

ሓደ ስራሕ ስነ-ፅሑፍ ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን እዩ ክበሃል እንተኾይኑ ካብቲ ደረጀኦም ዝሓለፈ ወይ ዝኸበደ ዝተሓተ ወይ ዝቐለለ ክኸውን የብሉን ማለት እዩ።

መ. ሕሉፍ ፍልጠት ተምሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ስን-ፅሑፍ ክኸውነ ኣለዎ

መምህር ተምሃሮ ናይ ምንባብ ክእለት ንምዕባይ ዝሕግዙ ተግባራት ንምምሃር ኣብዝትልመሉ እዋን ናይ ተምሃሮ ሕሉፍ ፍልጠት ኣብ ግምት ከእቱ /ክፈልጥ/ ኣለዎ። ተምሃሮ ብዛዕባ እቲ ዛዕባ እንታይ ቅዱም ፍልጠት ነይሩዎም ዝብል ሕቶ እንትምለስ እዩ ተኸታታልነት ዘለዎ ትሕዝቶ ትምህርቲ መሪፅካ ክእለት ተምሃሮ ኮነ ፍልጠት ምዕባይ ዝካኣል ብምባል ይገልፅ።

## 2.2.6. ምምሃር ንባብን ኣንቢብካ ንምርዳእን

### 2.2.6.1. እንታይነት ኣንቢብካ ምርዳእ

ምምሃር ንባብ ኣንቢብካ ምርዳእ ማለት ዝተነበበ ምንባብ ከምዘሎ ምቕባል ወይ ዘይምቕባል ዘይኮነስ ካብዚ ብዝተፈለየ መልክዑ ንባዕልኻ ብዛዕባ ዘንበብካዮ ምንባብ ምሕታት ናይቲ ምንባብ ጥቕሉልን ዝርዝርን ሓሳብ ምምርማር፣ ምምዝዛንን ቅድም ኢሉ ምስ ዝነበረ ሕዱር ፍልጠት ምምስኻርን ዝሓትት ተግባር እዩ።

Grellet (1981፥3) ብዛዕባ ኣንቢብካ ምርዳእ ዝተገለፀ "ኣንቢብካ ምርዳእ ማለት ኣብ ውሽጢ



እቲ ፅሑፍ ዝተደለየ ሓሳብ ብዝተኽኣለ ብብቕዓት ምውፃእ ማለት እዩ" ይብል። እዚ ዘሪኣና ተምሃራይ ዘንብበሉ ዕላማ ተረዲኡ ዝተሓተቶ ሓሳብ እንተውፂኡ ኣንቢቡ ምርድኡ የመልክት ማለት እዩ። ብተወሳኺውን እቲ ተምሃራይ ርእሲ እቲ ምንባብ መሰረት ብምግባር ንቕድሚት ኣብ ውሽጢ እቲ ምንባብ እንታይ ክመፅእ ከም ዝኽእል ይግምት  ወይ ንባዕሉ ይሓትት። ንዝሓተቶ ሕቶ መልሲ ምርካብ እንትኽእል

ኣንቢቡ ዝተረዳኦ ምኳኑ Smith (1973÷4)  ኣብ ዝተፅሓፈ ይግለፅ። ብተወሳኺውን “ምግማት ሕቶ ምሕታት እንትኸውን፤ ኣንቢብካ ምርዳእ ድማ ነቶም ሕቶታት መልሲ ምርካብ እዩ“ ይብል።

እዚ ኣንቢብካ ንምርዳእ መሰረት ዝኾነ ምግማት ዝርከብ ብዛዕባ ነባራዊ ዓለም ዘለና ፍልጠት ብምጥቃም ምኳኑ Smith (1973÷4) ገሊፁ። ካብዚ እንግንዘቦ ተምሃራይ ኣንቢቡቅድሚ ምርድኡ ከም ዝግምትን ብመሰረት ግምቱ ዘንብቦ ነገር ብዝምልከት እቲ ተምሃራይ ቅድም ኢሉ ብዝነበሮ ፍልጠት ምኳኑ እዩ።

### **2.2.6.2.** ባህርያት ኣንቢብካ ምርዳእ

ባህርያት ኣንቢብካ ምርዳእ ተምሃሮ ዝስዕብ ይመስል፡-

1. ምንባብ ንምንታይ ከምዘንብቡ ክፈልጡ ኣለዎም፤
2. ቅድሚ ንባብ ብዛዕባ እቲ ምንባብ ሓፈሻዊ ሓሳብ ኣለዎም፤
3. ብዛዕባ ቀፃሊ ምንባብ ትንበያ የካይዱ፤
4. ብመሰረት ዘለዎም ሓፈሻዊ ሓሳብ መሪፆም የንብቡ፤
5. ኣብቲ ምንባብ ዘሎ ሓሳብን ቅድም ኢሎም ዝፈልጡዎ ሓሳብን የዛምዱ፤
6. ብዛዕባ ትሕዝቶ ምንባብ ዝተንበዩዎን ኣብቲ ምንባብ ዘሎ ሓሳብን ምግጥጣሙ የረጋግፁ፤
7. ምስ ቅዱም ፍልጠቶም ዝኣነፁ ሓሳባት እንተረኺቦም ቅዱም ፍልጠቶም ይክልሱ፤
8. ብመሰረት ሓበርቲ ዓውዲ ንሓዳሽቲ ቃላት ይፈትሑ፤
9. ኣገደስቲ ሓሳባት ንምዝካር፣ ነቲ ንባብ ንምትንታን፣ ብቕዓት ንምግምጋምን ንምንባብን መዘክር ይሕዙን ይፅሕፉን፤
10. ንባብ ከጠቓልሉ ከለው ኣገደስቲ ሓሳባት ይክልሱ፤
11. ኣብ ምንባብ ዘጋጥሙ ሓደሽቲ ሓሳባት ከመይ ክጥቀሙሎም ከምዝኽእሉ ይሓስቡ፤



12. ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፅሑፍ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት የንብቡን ኣብመንጎኦም ዘሎ ፍልልይየፅብቡን።

### **2.2.6.3. ንኡሳን ክእለታት ኣንቢብካ ምርዳእ**

ብቕልጣፈን ደረጅኡ ብዝሓለወ ስልትን ምንባብ ዝግባእ ንምንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ እንትላዓል መልሱ ኣንቢብካ ንምርዳእ እዩ። ኣንቢብካ ምርዳእ ኣብ ውሽጡ ብዙሓት ንኡስን ክሂለት ዘካተተ እዩ Smith (1973)። ካብዞም ንኡሳን ክሂለት ዋናዋነኦም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

√ ፍትሒት ቃላትን ሓረጋትን ምርዳእ፦

መንበባይ ኣብ ውሽጢ ፅሑፍ ዝርከቡ ቃላት ዓውዳዊ ፍትሒት ክርዳእ ይግባእ፤ ይኹን እምበር ናይቲ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምርዳእ ናይ ሕድሕድ ቃል ፍትሒት ምፍላጥ የግዲ ኣድላይ ስለ ዘይኮነ መንበባይ ኣብ ውሽጢ እቲ ፅሑፍ ዘለዉ ፍትሒት ሓደ ብሓደ ክምርምር ትፅቢት ኣይግበረሉን (Grellet 1981፥3)።

***√ ናይ መተሓሓዝቲ ሰዋስዋዊ ሕግን ትርጉምን ምርዳእ፦***

Grellet (1981፥3) እንትገልፅ ሓደ መንበበይ ኣብ ውሽጢ ዘንብቦ ፅሑፍ ዝርከቡ ኣተኣታትዋ መተሓሓዝቲ፣ ግልጋሎትን ትርጉምን ክግንዘብ ትፅቢት ይግበረሉ፤ እዚኣቶም ምግንዛቡ ናይቲ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምርዳእ ዝለዓለ ሓገዝ ይገብሩሉ። መተሓሓዝቲ ቃላት ቃል ምስ ቃል፣ ሓረግ ምስ ሓረግ፣ምሉእ ሓሳብ ምስ ምሉእ ሓሳብ ዘጣምር እዩ። መተሓሓዝቲ ቃላት ብፍላይ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት እናተሓሓዘ ስፍሕ ዝበለ ሓረግ ምምስራት እዩ።

ተጣመርቲ ቃል ምስ ቃል ወይ ሓረግ ምስ ሓረግ ክኾኑ ይግበኦም። እዚ እቲ ሓደ ኣብ ትሕቲ እቲ ሓደ ዝዋቖር ዘይኮነስ ክልቲኦም ቃላት ብማዕረ ዘራኽብ እዩ። ተጣመርቲ ብመጠኖም ማዕረ፣ ብክፍሊ ቃሎም ሓደ ዓይነት ክኾኑ ይግቦኦም። ተጣመርቲ ናይ ነገራት ምምጥጣን ጥራሕ ዘይኮነስ ብዝገልፅዎ ሓሳብ ዉን ዝጣዓዓሙ ክኾኑ ይግቦኦም።



**2.2.6.4. ደረጃ ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእ**

ተምሃሮ ኣንቢቦም ናይ ምርዳእ ተኽእሎ ንምምዛን ብዋናነት ከም መሳርሒ ዘገልግል ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና ከም ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ እዩ። ተፈተንቲ ካብቲ ፈተና ዝረኽቡዎ ዉፅኢት ብምብጋስ ኣንቢቦም ናይ ምርዳእ ክእለቶም ኣብ ምንታይ ደረጃ ከም ዝርከብ ምፍላጥ ይካኣል Nuttall (1982÷37) kavale (1979÷27) fry (1963፥iii)።

Nuttall (1982፥37) ከም ዝገልፆ ናይ ሓደ ተምሃራይ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ብዝተዉሃቦ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና ብዝረኸቦ ዉፅኢት ምፍላጥ ይካኣል። ተፈታናይ ኣብቲ ፈተና ዝረኸቦ ዉፅኢት 70% እንተኾይኑ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ተኽእሉኡ እኹል እዩ ኣብ ዝበሃለሉ ደረጃ ይርከብ።

Naraynaswamy(1975÷144) ከምዘገንዝቦውን እኹል ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ተኽእሎ ኣለዎ ዝበሃል ተምሃራይ ብዝተለመደ ቅልጣፈ ብምንባብ ብዝሰርሖ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና 70% ክረክብ ይግበኦ። ናይቲ ፈተና ዉፅኢት ካብ 70% ንላዕሊ እንተኾይኑ ዉን ፅቡቕ ክእለት ኣለዎ ክባሃል ይኽእል። ናይቲ ተፈታናይ ዉፅኢት 50% ወይ ካብኡ ንታሕቲ እንተኾይኑ ክእለቱ ኣብ ትሑት ብርኪ ይርከብ። እቲ

ተምሃራይ ብዝተዉሃቦ ፈተና ዝረኸቦ ዉፅኢት ካብ 70-80% እንትኾይኑ እኹል ኣንቢቡ ናይ ምርዳእ ክእለት ኣለዎ።

ካብ 50--60% ውፅኢት ተረኺቡ ድማ ውፅኢቱ ትሑት ብርኪ ይርከብ Fty (1963፥iii)።
Kavale (1979፥27) ከምዘገንዝቦ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና 90% ወይ ካብኡ ንላዕሊካብ 100% ዝረኸበ ተምሃራይ ልዑል ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ተኽእሎ ኣለዎ። ካብ 75-90% ዝረኸበ ተምሃራይ ክእለቱ እኹል ኣብ ዝበሃል ብርኪ ይርከብ። ውፅኢቱ ትሕቲ 75% ተኾይኑ ግና ክእለቱ ትሑት እዩ።

ሓደ ተምሃራይ ኣብ መፍትሒ ኣፍ ቋንቋኡ እኹል ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ኣለዎ ዝበሃል ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና ክረኽቦ ዝግባእ ዉፅኢት Nuttall (1982÷37) Narayna swamy (1975÷144) ኣብ ተመሳሳሊ ዉፅኢት ይስማምዑ።



Fry (1963፣iii) &Kavale (1979፣27) ዝስማምዑሉ ብተመሳሳሊ ዉፅኢት እንትኾነውን ምስቶም ላዕለዎት ዓብይ ኣፈላላይ የብሉን። ካብዚ ንላዕሊ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ኣወሃህባ ደረጃ ዝምልከት ዝተፈላለዩ ምሁራን ብዝሃቡዎም ሓሳባት ተምሃሮ ብዝወሃቦም ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ፈተና ካብ ዝረኸቡዎ ዉፅኢት ብምብጋስ ዝርከቡሉ ደረጃ ከምዚ ምቕማጥ ይካኣል።

ብኣጠቓላሊ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ዝብሉ ክእለታት ዝምዕብልሉ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ እንትረኽቡ ብምንባብ እዩ። ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ንምምዕባል የኽእሉ እዮም ተባሂሎም ብዝተፈላለዩ ምሁራን ካብ ዝተጠቐሱ መንገድታት ገሊኦም እንትጥቀሱ ኣብ ዉሽጢ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ምንባብ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ምንባብ፣ ናይ ሓበርቲ ሜላታት ብምጥቃም ኣብ እዋን ንባብ ብኣግባብ ምጥቃም፣ ከምኡዉን ፅቡቕ መንበባይ ዘብቅዑ ባህሪታት ፈሊጥካ ኣብ ተግባር ምዉዓል እንትኸዉን ኣብ ኣንቢብካ ምርዳእ ድማ ተምሃሮ ዘንበቡዎ ምንባብ ከም ዘሎ ምቕባል ወይ ዘይምቕባል ዘይኮነስ ካብዚ ብዝተፈለየ ባዕልኻ ብዛዕባ ዘንበብካዮ ምንባብ ምሕታት፣ ናይቲ ምንባብ ኣጠቓላልን ዝርዝርን ሓሳባት ምምርማር፣ ምምዝዛንን ምስ ናይ ቅዱም ፍልጠት ምምስኻርን ዝሓትት ተግባር እዩ።

## 2.2.6.5. መገምገሚ ነጥብታት ዕላማን ምምሃር ንባብን

ከም ኣገላልፃ Smith (1997፣4) ዝምድና ዕላማን ምምሃር ንባብን ንኣንቢብካ ምርዳእ ዝኾኑ ፅሑፋት ምኃኖም ዘድልዩ ረቋሒታት:-

1. ምስ ፍልጠት ደረጃኦም ብርኮም ዝጠዓዓም ትሕዝቶ ዘለዎ ወይ ድማ ክእለት ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ብቕዓቶም ዘርኢ፣
2. ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ሕቶታት ንምድላው ዝሕግዝ ምኳኑ ዘርኢ፣
**3**. ተምሃሮ ኣይፈልጡዎን ተባሂሉ ዝግመት መልእኽቲ ዝሓዘ፣
4. ናይ ካልኦት ሰባት ኣረኣእያ ምስ ናይ ባዓልቶም ንከነፃፅሩ ዝሕግዝ፤
5. ኣብ ሞንጎ ሪኢቶን ወድዓዊ ሓቅን ዘለው ኣፈላላያት ዝሓዘ፤
6. ንዘተን ንክትዕን ዝዕድም ምኳኑ፤



7. ድሕረ ባይታ ፍልጠቶም ከርኢ ዝኽእል፣
8. ኣብቲ ምንባብ ክፍፅምዎም ዘለወዎም ቁምነገራት ተምሃሮ ንክፈልጡ ዝገብር እዩ ብምባል ይግለፅ።

**2.2.7.** ዝምድና ዕላማ ትምህርትን ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን

ዕላማን ንባብን ዘይነፃፀሉ ተግባራት እዮም። ዕላማ ትምህርቲ እንትባሃል ዝኾነ ይኹን ተግባር ዕላማ ዘይብሉ የለን። ምርምር ዕላማ ዘለዎ ከይዳዊ ተግባር እዩ። ንባብ እንትባሃል ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ምፍላጠ ማለት እዩ። ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ምፍላጥ ማለት ድማ ተምሃሮ ናይቶም ፅሑፋት ተግባርን ትሕዝቶን ንክፈልጡ ዝሕግዝ እዩ። ሓደ ሓደ ፅሑፋት ንመነቓቕሕን ማሕበራዊ ርክብን ዝባሃሉ ኮይኖም ገሊአመ ድማ ከም መፃሓፍቲ ሳይንስ ዝመስሉ ኮይኖም ብዛዕባ ትሕዝቶ ርእስታት ዘፍልጡ ወይድማ ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምይይጣትን ዝሓዙ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይ ከምዘንብቡ ከይተረደኦም ንባብ ንብሕቱ ክእለት ክኸውን ኣይኽእልን። ዕላማ መሰረት ዝገበረ ክእለታት ንባብ ተተማሂሮም ኩሎም ዓይነታት ትምህርቲ ክማሃሩ ይሕግዞም። ኣንቢብካ ንምርዳእን ዘንበብካዮ ንምጥቃምን ዘኽእል ዋና ዕላማ ወይ ሽቶ ንምምሃር ንባብ እዩ።

ዕላማ መሰረት ዝገበረ ባእታታት ንባብ ተማሂርካ ዝተነበበ ፅሑፍ ብምርዳእ ካልኦት ባእታታት ግንዛበ ድምፀልሳን፣ ግንዛበ ድምፂ ፊደልን ፅፈት ንባብ ቃላትን ኣብ ሻደ ተጠሚሮምን እናተሓጋገዙን ዝኸዱ እዮም EGRA (2010 ዓ.ም.ፈ.)።

ካብዚ ናየ ኢግራ (EGRA) መፅናዕቲ እንግንዘቦ ኣተገባብራ ንባብ፣ ለምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን መሰረት ከምዝኾኑን ከይድን ውፅኢትን እዮም ኢልካ ክግለፁ ዝኽእሉ ዝተኣሳሰሩ ነገራት ምዃኖም ምርዳእ ይካኣል። ልምዲ ንባብ ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ መሰረት እንትኸውን እቲ ዝተነበበ ኣብ ቁምነገረ ክውዕል ድማ ምርዳእ የድሊ።

ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ምስትምሃር ክልተ ረብሓታት ኣለውዎ።

ሀ. ተምሃሮ ብዛዕባ ስትራተጂ ኣንቢብካ ምርዳእ ክርድኡን ባዕሎም ዘንበቡዎ ዘስተማቕሩን ይገብሮም።



ለ. መምህራን ተምሃሮኦም ዘንበቡዎ ምንባብ ብዛዕባ እንታይ ከምዝኾነ ክግንዘቡን ክፈልጡን ምግባር ዝብሉ እዮም።

እዚ መግለፂ ዕላማ ትምህርን ኣተገባብራ ባእታታት ንባብን መሰረት ዝገበረ ልምዲ ንባብ እንተሃልዩ ብዙሓት ቁምነገራት ዝሓዙ ፅሑፋት ምንባብ ከምዝካኣልን እንተንቢብካ ድማ እቲ ዘንበብካዮ ከምትርዳእን ዝፍለጥ ኮይኑ ኩሎም ዝተተሓሓዙን ዘይነፃፀሉን ተመጋገብቲ ምዃኖም ምርዳእ ይካኣል።

ሰብ ሞያ ቋንቋ ከምዝሕብሩዎ ተምሃሮ ዘንበቡዎ ብቐሊሉ ክርድኡዎ እንተኽኢሎም ኣብ ኣንቢብካ ምርዳእን ኣድሚፅካ ምርዳእን ዝህልዎም ውፅኢት ተመሳሳሊ እዩ። ኮይኑ ግና ውፅኢት ፈንታቀብ (EGRA) ከምዘመላኸቶ ኣብ ሞንጎ ተምሃሮ ዘሎ ክእለት ምንባብን ኣዳሚፅ ምርዳእን ዝተፈላለየ እዩ። ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእ ናይቲ ተምሃራይ ክእለት ቃላዊ ቋንቋ (ORAL LANGUGE) ይጠልብ። ኣብ ሞንጎ ኣንቢብካን ኣዳሚፅካን ምርዳእ ዘሎ ኣፈላላይ ግና ብሰንኪ ቃላዊ ቋንቋ ዝኽሰት ኣይኮነን። እዚ ኣፈላላይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝፍጠር ኣወሃህባ ትምህርቲ ዝኽሰት እዩ። ክእለት ምፍላይ ድምፅን ቅርፅን ፊደላት፣ ብቕልጣፈን ብትኽክልን ምንባብ፣ ፍታሕ ቃላት ምፍላጥን ኣንቢብካ ዘይምርዳእን ዘይምህላው እዩ። ውፅኢት እዚ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ መንግስቲ ብደረጃ ሃገር ኣብ መይላ

ኣመሃህራ ንባብን ክእለት ንባብ ተምሃሮን ንክንርኢ ንክእለት ንባብ ቋንቋ መፍትሒ ኣፍ ቀዳምነት ሂቡ ንክሰርሕ ኣገዲዱ እዩ።

READ TA ምስ ሚንስተር ትምህርትን ዩኤስኤይድን ብምትሕግጋዝ ህፃናት ብቋንቋ ትግርኛ ንባብን ፅሕፈትን ከመይ ከምዝመልኩ ዘርእዩ መፅናዕትታት መሰረት ብምግባር ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ኣዳልዩ ኣሎ። ብመሰረት ሓዱሽ መርሃ ትምህርቲ (ሲለበስ) ሓዱሽ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ቋንቋ ትግርኛ ምድላው ተኽኢሉ እዩ። ሓዳሽ ክዳሎ ዝተገበረሉ ምኽንያት ብዋናነት ውፅኢት ተምሃሮ ብዝሐሸ ብምርግጋፅ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ቋንቋ መፍትሒ ኣፍ ዝለዓለ ረብሓ ብምህላው እዩ።

ተምሃሮ ዘንበቡዎ ፅሑፍ ክርድኡ እንተኺኢሎም ክእለት ንባብ ኣለዎም ማለት እዩ። ርድኢት ማለት ብፅሑፍ ዘቐረበ ሓሳብ ብምትንታን መልእኽቲ ምግንዛብ ምኽኣል እዩ። ርድኢት ናይኩሎም ባእታታት ንባብ ድማር ውፅኢት እዩ። ዕላማ ድማ ኣለዎ።

## ምዕራፍ ሰለስተ

### 3. መይላ ኣፀናንዓ

እዚ መፅናዕቲ ዝተኸተሎ ዓይነት ትንተና ገላፂ ስልቲ ምርምር እዩ። እቲ መፅናዕቲ ብፅሑፋዊ ፈተና፣ ፅሑፋዊ መሕትት፣ ጉጅላዊ ዘተን ትዕዝብትን ኣብ 94 ተምሃሮ ብምጥቃም ናይቶም ተምሃሮ ዝምድና ዕላማን ምምሃር ንባብን ዝርከብ መረዳእታን ናይ ተምሃሮ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ዕላማ መሰረት ዝገበረ ኣንቢቦም ናይ ምርዳእ ክእለትን ብምንፅፃር ርክቦም ተንቲንካ ምቕራብ እዩ።

#### 3.1. ኣመራርፃ ተፀናዕቲ

#### 3.1.1. ኣመራርፃ ቤት ትምህርቲ

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝተሳተፈት ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምብራቕ ወረዳ ውቕሮ ካብ ዘለዋ ኣርባዕተ ካልኣይ ብርኪ ኣብ ጥምረት ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ውቕሮ ዝኾና ኣውላዕሎ፣ መጋቢት 30፣ መሰናድኦን ውቕሮ ካልኣይ ብርክን ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ ተሓርያ ኣላ። እታ ቤት ትምህርቲ ብዕሉም ሜላ መረፃ እዩ። ዕሉም ዝኾነሉ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ጥምረት ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ ስለዝርከባን ብቐረባ መረዳእታ ንምርካብ ነቲ ማእኸል ቤት ትምህርቲ ካብ ቀረባነቱ ዝሐሸ መረዳእታ ንምርካብ ስለዝኽእል እዩ።

### 3.1.2. ኣመራርፃ ተምሃሮ

ኣብዚ መፅናዕቲ  ዝተሳተፉ ተምሃሮ ካብታ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰት ውቕሮ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኮይኖም  ጠቕላላ 376 ተምሃሮ  ተመዝጊቦም ኣብ ምምሃር ስለ ዝርከቡ ነዞም ተምሃሮ  ኩሎም ኣብቲ መፅናዕቲ ንምስታፍ ዓቕሚ ኮነ ግዘ ስለዘፀግም ካብ ሕድሕድ ሴክሽን 25% ብዕሉም ዕፃ  ሜላ  መረፃ ብምጥቃም ፆታ ማእኸል ዝገበረ 94 ተምሃሮ ተሳትፎም እዮም። እዚ  ዓይነት ኣመራርፃ  ዝተመረፀሉ ምኽንያት ተፀናዕቲ  ማዕረ ናይ ምምራፅ ዕድል ስለ ዝህብ እዩ ።

## 3.2. መይላ መእከቢ መረዳእታ

መፅንዒት ኣካል ነዚ መፅናዕቲ እዚ ኣድለይቲ መረዳእታታት ንምእካብ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ተጠቒማ እያ፤ እዚ መፅናዕቲ ሒዙዎ ንዝተልዓለ ርእሲ ከዐውቱ ዝኽእሉ  ሕቶታት  ዝሓዘ  ፅሑፋዊ ፈተና፣  ፅሑፋዊ መሕትት፣  ጉጅላዊ  ዘተን  ትዕዝብትን ዝብሉ

መሳርሕታት  መእከቢ  መረዳእታ  ኣብ ግልጋሎት  ውዒሎም  እዮም።  መረዳእታ ንምእካብ  ንምንታይ ከምዝተመረፀን  እቶም ሕቶታት  ብኸመይ ከምዝተዋቐሩን  ሓፂር መብርሂ ቀሪቡ ኣሎ።

### 3.2.1. ፅሑፋዊ መሕትት ንተምሃሮ

መፅንዒ ካብ ተምሃሮ ፅሑፍዊ መሕትት ብምጥቃም መረዳእታ ኣኪባ እያ። ናይ  ፅሑፍዊ መሕትት ዕላማ ተምሃሮ ብዛዕባ ዘለዎም ኣጠቓላሊ ልምዲ ንባብ መረዳእታ ንምርካብ እዩ። እቲ ፅሑፈዊ መሕትት ዝተፈላለዩ ክፋላት ዘለውዎ ኮይኑ እቲ ሓደ ክፋል ብናይ ስምምዕነትን ዘይምስምማዕን ዝምለስእንትኸውን እቲ ካልኣዋይ ድማ ብመልክዕ ምረፅ ዝተዳለየ እዩ። እዚ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃእን ዘለዎም ልምዲ ንባብ ተምሃሮ ዘለዎም ናይ ምንባብ ድልየትን ኣብ ዘንብቡሉ እዋን ዘርእዩዎም ባህሪታት ዝሕዝ እዩ። እቲ ፅሑፋዊ መሕትት  ብሰብሙያ ተገምጊሙእዩ። ድሕሪ እዚ እቲ መሕትት ተኻይዱ።

### 3.2.2. ጉጅላዊ ዘተ

መፅናዒት ጉጅላዊ ዘተ ዝተጠቐመት ልምዲ ንባብ ንምፍላጥ እንትኸውን ብነፃ ምይይጥ ብተግባር ከንብቡ ብምግባር እቶም ኣብ ልምዲ ንባብ ዘለው ፅቡቓት ነገራትን ክስተኻኽሉ ዝግበኦምን ንምፍላጥ   ፆታ ዘማእኸለ ጉጅላዊ ዘተ ምክያድ እዩ።

### 3.2.3. ትዕዝብቲ

መፅናዒት ብዛዕባ ኣንቢብካ ምርዳእ ዘሎ ኩነታት ንምፍላጥ ዝተጠቐመትሉ ትዕዝብቲ እዩ። እቶም ተምሃሮ እናተምሃሩ ከለው ኣብ ክፍሊ ኣቲያ ትዕዝብቲ ብምክያድ ካብቲ ዝተነበበ ብምሕታት ዘሎ ርድኢት ንምፍላጥ ንምርግጋፅን ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ እዩ።

## 3.3. መይላ ትንተና መረዳእታ

ብዚ ፅሑፋዊ መሕትት፣ ጉጅላዊ ዘተን ትዕዝብትን ኣቢሎም ካብ ተምሃሮ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ንሓደ ዕላማ ዝምልሱ ብኣርባዕቲኡ መይላ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ብቴክኖሎጂ ብዝተሓገዘ መልክዑ ብኤስ ፒኤስ ኤስ ፎርማት ብኮምፒተር ብባዓል ሞያ ብምሕጋዝ ብ t-test በብመልክዖም ድሕሪ እቲ መፅናዕቲ ብንፁር ተተንቲኖም እዮም።



# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ትንተና መረዳእታታት /ውፅኢት መፅናዕቲ/ ምብርህራህ

### 4.1. ትንተና ውፅኢት መፅናዕቲ

**በቲ መፅናዕቲ ዝተኣከቡ መረዳእታታት ብምትንታን ጉዳዩ ቀዳምነት ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃእን ብዛዕባ ዘለዎም ልምዲ ንባብ፣ ድሌት ንባብን ኣብ እዋን ንባብ ዘርእዩዎም ባህርያት ከምኡውን ተምሃሮ ብዛዕባ ዘለዎም ናይ ንባብ ክእለትን እቲ ክእለቶም ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶም ንምፍታሽ ካብ ዝቐረበ ፈተነ ዝተረኸቡ ውፅኢታት ብምኢታዊ ተሰሊሑ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ እውን ኣብ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ማእኸል ዘሎ ምዝማድ ንምፍላጥ ድማ ማእኸላይ ውፅኢት፣ መደበኛ ፍልልይን ስልሒት ዝምድናን ብ** t-test **ተሰሊሑ ዝተረኸበ ውፅኢት ትንተና ቀሪቡ ኣሎ።**

**ክፍሊ ሓደ**

**ናይ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ልምዲ ንባብ መሰረት ገይሮም ካብ ዝቐረቡ ሕቶታት ዝተረኸበ መረዳእታ፦**

**ቅጥዒ 1. ኣብ ቤት-ንባብ ናይ ምጥቃም ልምዲ ኣመልኪቱ ዝተረኸበ መረዳእታ ዘርኢ ቅጥዒ፦**

| ተ.ቁ | ዝርዝር ነጥብታት | መማረፂ መልስታት | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ (5) | | ይስማዕማዕ (4) | | ኣይስማዕማዕን (3) | | ፈፂመ ኣይስማዕማዕን (2) | | ክውስን ኣይክእልን (1) | |
| | | በዝ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝ | % | በዝ | % |

| ተ.ቁ | | ዝርዝር ነጥብታት | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ሒ | | | | | | ሒ | | ሒ | |
| 5 | | መፃሕፍቲ ልምንባብ ካብ ቤተ-መፃሕፍቲ ተዋሒሰ ኣይፈልጥን | 20 | 21.2 | 28 | 29.7 | 26 | 27.6 | 13 | 13.8 | 7 | 7.4 |
| 8 | | ናብ ቤተ-መፃሕፍቲ ተደጋጋሚ ብምእው የንብብ እየ | 13 | 13.8 | 11 | 11.7 | 34 | 36.1 | 31 | 32.9 | 5 | 5.3 |



ኣብ ላዕሊ ካብ ዝቐረበ ቅጥዒ ምርዳእ ዝከኣል እቲ መሕትት መሊኦም ካብ ዝመለሱ 94 ተምሃሮ ውሽጢ መፃሕፍቲ ንምንባብ ካብ ቤተ መፃሕፍቲ ተውሒሰ ኣይፈልጥን ዝብል ሓሳብ ካብ ዝመለሱ ማእኸል 21.2% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 29.7% ዝኾኑ ይስማዕማዕ፣ 27.6% ዝኾኑ ኣይስማዕማዕን፣ 13.8% ዝኾኑ ፈፂመ ኣይስማዕማዕን ዝብል መልሲ እንተህቡ 7.4% ዝኾኑ ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል ምላሽ ሂቦም ኣለው። ኣብዚ ኣብዝሓ ተምሃሮ ካብ ቤት መፃሕፍቲ ብምውሓስ ከምዘይንብቡ የመላኽት። ስለዝኾነ ተምሃሮ መፃሕፍቲ ካብ ቤተ መፃሕፍቲ ናይ ምውሓስ ልምዶም ትሑት ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል።

ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ተደጋጋሚ ብምእታው የንብብ እየ ንዝብል 13.8% ዝኾኑ ተምሃሮ ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 11.7% ዝኾኑ ይስማዕማዕ፣ 36.1% ዝኾኑ ኣይስማዕማዕን፣ 32.9% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን ዝብል መልሲ እንተህቡ 5.3% ዝኾኑ ድማ ክውስን ኣይክእልን ኢሎም ኣለዉ። ስለዝኾነ ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ተደጋጋሚ ብምእታው የንብብ እየ ተባሂሉ ንዝቐረበ ሓሳብ ካብ ዝተውሃበ ውፅኢት መልሲ ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘሎ ቤተ መፃሕፍቲ ምጥቃም ከምዘይኽእሉ ካብቲ ውፅኢት ምርዳእ ይከኣል።

**ቅጥዒ 2. ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ንምጉልባት ብመምህራን ዝግበር ሓገዝ ብኣረኣእያ ተምሃሮ፦**

| ተ.ቁ | | ዝርዝር ነጥብታት | መማረፂ መልስታት | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ (5) | | ይስማዕማዕ (4) | | ኣይስማዕማዕን (3) | | ፈፂመ ኣይስ ማዕማዕን (2) | | ክውስን ኣይክእልን (1) | |
| | | | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % |
| 9 | | መምህራን ኣብ ክፍሊ ምንባብ እንተንብቡል | 33 | 35.1 | 44 | 46.8 | 8 | 8.5 | 6 | 6.3 | 3 | 3.1 |

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ናከመይ ከምዝንበብ የረዱኡና | | | | | | | | | | |
| 10 | መምህራንኣብክፍሊመብዛሕ ትኡብውልቀ ብሰላሕታ ክነንብብ የተባቡዑና | 9 | 9.5 | 46 | 48.9 | 20 | 21.2 | 11 | 11.7 | 8 | 8. 5 |
| 11 | መምህራን ዝተፈላለዩ ልንባብ ዝኾኑ መፃሕፍቲ እናሓበሩለይ የንብብ | 14 | 14. 8 | 27 | 28.7 | 41 | 43.6 | 8 | 8.5 | 4 | 4. 2 |

31

እዚ ናይ መምህራን ሓገዝ ብምጥቃም ልምዲ ንባቦም ምምዕባል ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ። ኣብ ቅጥዒ 2 ኣብ ክፍሊ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንብባ ንምምዕባል ብመምህራን ዝግበር ሓገብኣረኣእያ ተምሃሮ ዝቐረቡ 3 ሕቶታት ድማ መምህራን ኣብ ክፍሊ ንባብ እንተንብቡና ከመይ ከምነንብብ የረድኡ ብዝብል ንዝቐረበ ሓሳብ 35.1% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 46.8% ይስማዕማዕ፣ 8.5% ኣይስማዕማዕን፣ 6.3% ፈፂሙ ኣይስማዕማዕን ዝብል እንትኸውን 3.1% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ።

መምህራን ኣብ ክፍሊ መብዛሕቲኡ ብውልቀ ብሰላሕታ ክንብብ የተባብዑኒ ዝብል መሕትት 9.5% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣48.9% ይስማዕማዕ፣ 21.2% ኣይስማዕማዕን፣ 11.7% ፈፂሙ ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ድማ ክውስን ኣይክእልን ብምባል መሊሶም። መምህራን ዝተፈላለዩ ልንባብ ዝኾኑ መፃሕፍቲ እናሓበሩለይ የንብብ ንዝብል ዝሃብዎ መልሲ ድማ 14.8% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 28.7% ይስማዕማዕ፣ 43.6% ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ፈፂሙ ኣይስማዕማዕን፣ 4.2% ድማ ክውስን ኣይክእልን ብምባል መሊሶም። ስለዝኾነ ተምሃሮ መፃሕፍቲ ተተሓቢሩሎም እውን ከንብቡ ከምዘይኽኣሉ ካብቲ ውፅኢት ንምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።

ብጠቕላላ ነዞም 2 መሕትታት ካብ ዝተውሃቡ መልስታት ውሽጢ ይስማዕማዕ ዝብል ኣማራፂ መልሲ ዝበለፀ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ። እዚ እውን ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ንምምዕባል ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ትምህርቲ መምህራን ዝገበሩዎ ሓገዝ ዝለዓለ ምኧኑ ስለዘመላኽት ተምሃሮ እዚ ናይ መምህራን ሓገዝ ብምጥቃም ልምዲ ንባብ ምጉልባት ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ።

ቅጥዒ 3. ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዘለዎም ልምዲ ንባብ ዝምልከት ዝተረኽቡ መረዳእታታት ዘርኢ

| ተ.ቁ | ዝርዝር ነጥብታት | መማረፂ መልስታት | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብጣዕሚ | ይስማዕማዕ | ኣይስማዕማ | ፈፂመ ኣይስ | ክውስን |

| | | | ይስማዕማዕ (5) | | (4) | | ዕን (3) | | ማዕማዕን (2) | | ኣይክእልን (1) | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % |
| 2 | | ሓልሓሊፈ መፃሕፍቲ ብምግዛእ የንብብ . | 30 | 31.9 | 42 | 44.6 | 11 | 11.7 | 3 | 3.1 | 8 | 8.5 |
| 3 | | ኣብ መንበሪ ገዛይ ብዙሓት መፃሕፍቲ ስለዘለው የንብብ እየ | 6 | 6.3 | 20 | 21.2 | 33 | 35.1 | 25 | 26.5 | 10 | 10.6 |
| 12 | | ልምዲ ንባብ ዘሕደሩለይ ዘድንቓም መንበብቲኣብከባቢየይ ኣጋጢሞሙኒ | 13 | 13.8 | 41 | 43.6 | 15 | 15.9 | 13 | 13.8 | 12 | 12.7 |
| 13 | | ስድራይ ዘንብቦም መፃሕፍቲ ገዚኦም ይኹን ተውሒሶም ይህቡኒ | 9 | 9.5 | 21 | 22.3 | 37 | 39.3 | 22 | 23.4 | 5 | 5.3 |



**ኣብ ቅጥዒ 3 ከምዝረአ ሓልሓሊፉ መፃሕፍቲ ብምግዛእ የንብብ እየ ዝብል መሕትት ካብ ዝመልኡ ተምሃሮ ውሽጢ 31.9% ዝኾኑ ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 44.6% ዝኾኑ ይስማዕማዕ፣ 11.7% ዝኾኑ ኣይስማዕማዕን፣ 3.1% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን እንትብሉ ዝተረፉ 8.5% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ሂቦም። ስለዝኾነ ብቁፅሮም ብዙሓት ዝኾኑ ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ልምዲ ንባቦም ትሑት ምዃኑን ኣብዝሓ መፃሕፍቲ ብውልቆም ገዚኦም ከምዘንብቡ ካብቲ ውፅኢት ምግንዛብ ይከኣል። ኣብ መንበሪ ገዛይ ብዙሓት መፃሓፍቲ ስለዘለው የንብብ እየ ዝብል ሓሳብ ድማ** 6.3% **ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 21.2% ይስማዕማዕ፣ 35.1% ኣይሰማዕማዕን፣ 26.5% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 10.6% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ።**

**ኣብዚ ቑፅሮም ብዙሓት ዝኾኑ ተምሃሮ ኣብ መንበሪ ገዝኦም መፃሕፍቲ ከምዝረኽቡ እቲ መረዳእታ ይሕብር። ስለዝኾነ ካብዞም ክልተ መሕትታት ምርዳእ ዝከኣል ተምሃሮ መፃሕፍቲ ናይ ምርካብ ዕድሎም ብጣዕሚ ትሑት ምዃኑ እዩ። ልምዲ ንባብ ዘሕደሩለይ ዘድንቓም መንበብቲ ኣብ ከባቢየይ ገጢሞሙኒ ንዝብል ሓሳብ 13.8% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣** 43.6% **ይስማዕማዕ፣** 15.9% **ኣይስማዕማዕን፣ 13.8% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን እንትብሉ 12.7% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ። ካብ ዝተረኸበ መልሲ ቑፅሮም ብርክት ዝበሉ ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ከማዕብሉ ከምዝኽእሉ ዘመላኽቱ እዮም።**

**ስድራይ ዘንብቦም መፃሕፍቲ ገዚኦም ይኹን ተውሒሶም ይህቡኒ ንዝብል መሕትት ድማ 9.5% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 22.3% ይስማዕማዕ፣39.3% ኣይስማዕማዕን፣ 23.4% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን እንትብሉ 5.3% ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ። እቲ**

**ውፅኢት ከምዘመላኽቶ ተምሃሮ ልምዲ ንባቦም ንክምዕብል ብወለዶም ዝግበር ፃዕሪ ትሑት ምዃኑ ካብቲ ውፅኢት ምርዳእ ይከኣል።**



**ቅጥዒ 4. ናይ ተምሃሮ ድሌት ንባብ ኣመልኪቱ ዝተረኽቡ መረዳእታታት ዘርኢ ቅጥዒ**

| ተቁ | | ዝርዝር ነጥብታት | መማረፂ መልስታት | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ (5) | | ይስማዕማዕ (4) | | ኣይስማዕማዕን (3) | | ፈጺመ ኣይስማዕማዕን (2) | | ክውስን ኣይክእልን (1) | |
| | | | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % |
| 1 | | ካብ ምንም ነገር ንላዕሊ መፃሕፍቲ ምንባብ ይፎቱ | 51 | 54.2 | 37 | 39.3 | 3 | 3.1 | 1 | 1.06 | 2 | 2.1 |
| 4 | | መፃሕፍቲ ካብ ምንባብ ካሊእ ስራሕ ምስራሕ ይመርፅ | 7 | 7.4 | 9 | 9.5 | 35 | 37.2 | 35 | 37.2 | 8 | 8.5 |
| 6 | | መፃሕፍቲ ክንብብ እንተዘይተኣዚዘ ዘንብቦ ሓልሓሊፉ እዩ | 4 | 4.2 | 17 | 18 | 31 | 32.9 | 40 | 42.5 | 2 | 2.1 |
| 7 | | ሰባት ኣብ ዝነገሩኒ ሓደ ሓሳብ ተወሳኪ ፍልጠት ንምርካ መፃሕፍቲ ኣየንብብን | 4 | 4.2 | 9 | 9.5 | 26 | 27.6 | 47 | 50 | 8 | 8.5 |

**ኣብ ቅጥዒ** 4 **ከምዝተገለፀ ተምሃሮ ዘለዎም ድሌት ንባብ ንምፍላጥ ካብ ዝቐረቡ መሕትታት ካብ ምንም ነገር ንላዕሊ መፃሕፍቲ ምንባብ ይፎቱ ንዝብል 54.2% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 39.3% ይስማዕማዕ፣ 3.1% ኣይስማዕማዕን፣ 1.06 ፈጺመ ኣይስማዕማዕን፣ 2.1% ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ። መፃሕፍቲ ካብ ምንባብ ካሊእ ስራሕ ምስራሕ ይመርፅ ንዝብል እውን 7.4% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 9.5% ይስማዕማዕ፣ 37.2% ኣይስማዕማዕን፣ 37.2% ፈጺመ ኣይስማዕማዕን እንትብሉ 8.5% ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ ኣሎ። ካብ ማንም ንላዕሊ መፃሕፍቲ ምንባብ ይፎቲ እየ ንዝብል ነጥቢ ኣብዝሓ ተምሃሮ ይስማዕማዕ ዝብል መልሲ ሂቦም እዮም። መፃሕፍቲ ካብ ምንባብ ካሊእ ስራሕ ምስራሕ ይመርፅ ንዝብል መሕትት ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣይስማዕማዕን ዝብል መልሲ መሪፆም እዮም።**

**እዞም ክልተ ነጥብታት እንትራኣዩ እቲ ሓደ ብቀጥታ እቲ ካሊእ ድማ ብተዘዋዋሪ ድሌት ንባብ ምህላውን ዘይምህላውን ንምፍላጥ ዝሕግዙ እንትኾኑ ኣብ ክልቲኦም ካብ**



**ዝተውሃቡ መልስታት ብቑፅሪ ብርክት ዝበሉ ተምሃሮ ፅቡቕ ድሌት ንባብ ከምዘለዎም ዘርኢ እዩ። ብዘይካ እዚ መፃሕፍቲ ከንብብ እንተዘይተኣዚዘ ዘንብቦ ሓልሓሊፉ እዩ ንዝብል ነጥቢ 4.2% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 18% ይስማዕማዕ፣ 32.9% ኣይስማዕማዕን፣ 42.5% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 2.1% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተረኺቡ ኣሎ። ሰባት ኣብ ዝነገሩኒ ሓደ ሓሳብ ተወሳኺ ፍልጠት ንምርካብ መፃሕፍቲ ኣየንብብ ንዝብል ነጥቢ 4.2% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 9.5% ይስማዕማዕ፣ 27.6% ኣይስማዕማዕን፣ 50% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን እንትብሉ 8.5% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተዋሂቡ። ንኽልቲኦም መማረፅታት ፍፁም ኣይስማዕማዕን ዝብል መማረፂ ዝመለሱ ተምሃሮ ቑፅሪ ብጣዕሚ ዝለዓለ ምኳኑ ካብቲ ውፅኢት ምርዳእ ይከኣል። እቲ ውፅኢት ዘመላኽቶ እቶም ተምሃሮ ፅቡቕ ድሌት ንባብ ከምዘለዎም ዘመላኽት እዩ።**

**ቅጥዒ 5. ተምሃሮ ኣብ ዘንብብሉ እዋን ዘርእይዎም ባህርያት ኣመልኪቱ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ዘርኢ ቅጥዒ**

| ተ.ቁ | ዝርዝር ነጥብታት | መማረፂ መልስታት | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ (5) | | ይስማዕማዕ (4) | | ኣይስማዕማዕን (3) | | ፈፂመ ኣይስማዕማዕን (2) | | ክውስን ኣይክእልን (1) | |
| | | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % | በዝሒ | % |
| 14 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ ልምግምጋም ፃዕሪ ይገብር እየ | 44 | 46.8 | 40 | 42.5 | 3 | 3.1 | 2 | 2.1 | 5 | 5.3 |
| 15 | ሓደ መፅሓፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ ዝተፈላለዩስልትታትብምጥቃም ክርዳእ ይፍትን እየ | 2 | 2.1 | 2 | 2.1 | 53 | 56.3 | 34 | 36.1 | 3 | 3.1 |
| 16 | ኣብ ዘንብቦ ፅሑፍ ዝተፈላለዩ ስሕተታት እንተጋጥሙኒ ኣስተኻኺለ የንብብ | 41 | 43.6 | 47 | 50 | 4 | 4.2 | 1 | 1.06 | 1 | 1.06 |

| ቁ.ተ. | ዝርዝር ነጥብታት | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ (5) | | ይስማዕማዕ (4) | | ኣይስማዕማዕን (3) | | ፈጺመ ኣይስማዕማዕን (2) | | ክውስን ኣይክእልን (1) | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 17 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ ምስቲ ፀሓፊ ዓይኒ ንዓይኒ ተራኺብና ናይ ምምይያጥ ስምዒት ይስመዐኒ | 27 | 28.7 | 12 | 12.7 | 41 | 43.6 | 6 | 6.3 | 8 | 8.5 |
| 18 | ኣብ ዘንብበሉ እዋን ሕድሕድ ጠመተይ ናብ ሓደ ነፀላ ቃል ብምጭማት የንብብ | 10 | 10.6 | 44 | 46.8 | 24 | 25.5 | 9 | 9.5 | 8 | 8.5 |
| 19 | ኣብ ዘንብበሉ እዋን ብኣፃብዕተይ ወይ ብበሊሕ ነገር ምምልኻት ይፎቱ እየ | 24 | 25.5 | 27 | 28.7 | 26 | 27.6 | 9 | 9.5 | 8 | 8.5 |
| 20 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ እቲ ፅሑፍ ቃል ብቓል ንምሽምዳድ ይፍትን | 32 | 34 | 32 | 34 | 14 | 14.8 | 8 | 8.5 | 8 | 8.5 |

ኣብ ቅጥዒ 5 ካብ ተራ ቑፅሪ 14-17 ዝቐረቡ መሕትታት ናይ ብቑዓት መንበብቲ ባህሪ ዝገልፁ እዮም። ናይ ሕድሕድ ነጥቢ መልሲ እንትረአ ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ ልምግምጋም ፃዕሪ ይገብር እየ ንዝብል መሕትት ካብ ዝመልኡ 94 ተምሃሮ ውሽጢ 46.8% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 42.5% ይስማዕማዕ፣ 3.1% ኣይስማዕማዕን፣ 2.1% ፈፂሙ ኣይስማዕማዕን፣ 5.3% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ሓደ መፅሓፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ ዝተፈላለዩ ስልትታት ብምጥቃም ክርዳእ ይፍትን እየ ንዝብል ድማ 2.1% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 2.1% ይስማዕማዕ፣ 56.3% ኣይስማዕማዕን፣ 36.1% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 3.1% ክውስን ኣይክእልን ብምባል መሊሶም። ኣብ ውሽጢ ዘንበቦ ፅሑፍ ዝተፈላለዩ ስሕተታት እንተጋጥሙኒ ኣስተኻኺለ የንብብ ንዝብል

መሕትት 43.6% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 50% ይስማዕማዕ፣ 4.2% ኣይስማዕማዕን፣ 1% ፈፂሙ ኣይስማዕማዕን፣ 1% ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተኺረቡ። ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ ምስቲ ፀሓፊ ዓይኒ ንዓይ ተራኺብና ናይ ምምይያጥ ስምዒት ይስመዐኒ ንዝብል ነጥቢ 28.7% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 12.7% ይስማዕማዕ፣  43.6% ኣይስማዕማዕን፣ 6.3% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ክውስን ኣይክእልን ዝብል ምላሽ ተረኺቡ።
ኣብ ቅጥዒ 5 ተራ ቑፅሪ 14ን16ን ዝቐረቡ መሕትታት ነንሕድሕዶም ካብ ዝተውሃቦም መልሲ ይስማዕማዕ ዝብል መማረፂ ዝመለሱ ተምሃሮ ኣይስማዕማዕን ዝብል መማረፂ እንተመሊሰሙዎ ብጣዕሚ ልዕል ኢሎም ተረኺቦም ኣለዉ። ብምኺኑውን ብቑፅሪ ብዝሕ ዝበሉ ተምሃሮ ናይ ብቑዓት መንበብቲ ባህሪታት ከምዘማልኡ ዝተረኸበ ውፅኢት የመልክት። ኣብ ተራ ቑፅሪ 15ን 17ን ዝቐረቡ መሕትታት ግና ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣይስማዕማዕን ዝብል መማረፂ መሪፆም እዮም። ካብዚ ውፅኢት ምርዳእ ዝከኣል ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ስልትታት ምጥቃም ከምዘይኽእሉ ውፅኢቶም ኣርእዩ እዩ። ብኣጠቓላሊ ኣብ ዝቐረቡ ናይ ፅሑፍ መሕትት ዝሃብዎ መልሲ እንትረአ ተምሃሮ ድሌት ንባብ ዋላ እንተሃለዎም  ዘንብብዎም መፃሕፍቲ ምርካብ ከምዘይክእሉ፣ ናይ ብቑዓት መንበብቲ ባህሪ እንተሃለዎምውን ባህሪኦም ተግባራዊ ንምግባር ብቕዓት ዝጎደሎም ምኺኑ ውፅኢቶም የርኢ።

ኣብ ቅጥዒ 5 ካብ ተራቑፅሪ 18-20 ዝቐረቡ መሕትታት ድማ ብቑዓት ናይዘይኮኑ መንበብቲ ባህሪታት ዝገልፁ እዮም። ነቲ መሕትት ዝተውሃቡ መልስታት እንትረአ ኣብ ዘንብበሉ እዋን ሕድሕድ ጠመተይ ናይ ሓደ ነፀላ ቃል ብምጭማት የንብብ ንዝብል ነጥቢ 10.6% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 46.8% ይስማዕማዕ፣ 25.5% ኣይስማዕማዕን፣ 9.5% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ድማ ክውሰን ኣይክእልን  ዝብል መልሲ ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣብ ዘንብበሉ እዋን ብኣፃብዕተይ ወይ ብበሊሕ ነገር ምምልካት ይፎቱ እየ ንዝብል ሓሳብ 25.5% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣ 26.7% ይስማዕማዕ፣ 26.7% ኣይስማዕማዕን፣ 9.5% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ክውስን ኣይክእልን ብምባል መሊሶም። ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ እቲ ፅሑፍ ቃል ብቓል ንምሽምዳድ ይፍትን ንዝብል ነጥቢ ድማ 34% ብጣዕሚ ይስማዕማዕ፣34% ይስማዕማዕ፣ 14.8% ኣይስማዕማዕን፣



8.5% ፈፂመ ኣይስማዕማዕን፣ 8.5% ድማ ክውስን ኣይክእልን ዝብል መልሲ ተዋሂቡ። ካብ ተራቑፅሪ 18-20 ዝተውሃቡ መልስታት እንትርኣዩ ክልቲኦም ብቀጥታ እቲ ሓደ ብተዘዋዋሪ

**ይስማዕማዕ ዝብል መማረፂ መልሲ ሂቦም እዮም። መብዛሕትኦም ተምሃሮ ብቑዓት ናይ ዘይኮኑ መንበብቲ ባህሪታት ከምዘለዎም የመላኽት።**

**ቅጥዒ 6. ልምዲ ንባብ ዘለዎም ተምሃሮ ምስ ቤተ-መፃሕፍቲ ዘለዎም ምትእስሳር ኣመልኪቱ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ዘርኢ ቅጥዒ**

| ተ.ቁ | መሕትታት | በዝሒ | % |
|---|---|---|---|
| 1. | ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ክንደይ ግዘ ትኸይድ/ዲ? | | |
| | ሀ/ በብዕለቱ | 15 | 15.9 |
| | ለ/ በብሰሙኑ | 11 | 11.7 |
| | ሐ/ በብወርሑ | 58 | 61.7 |
| | መ/ ከይደ ኣይፈልጥን | 10 | 10.6 |
| 2. | እተንብቡዎም መፃሕፍቲ ብምንታይ ዓይነት መንገዲ ትረኽብዎም? | | |
| | ሀ/ ብዕድጊት | 14 | 14.89 |
| | ለ/ ካብ ቤተ መፃሕፍቲ ብምውሓስ | 7 | 7.4 |
| | ሐ/ ካብ ዘመድን ፈታውን | 60 | 63.8 |
| | መ/ ኣየንብብን | 12 | 12.7 |
| 3. | ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ክንደይ ግዘ ትኸይድ/ዲ? | | |
| | ሀ/ ልዑል | 18 | 19.4 |
| | ለ/ ማእኸላይ | 52 | 55.3 |
| | ሐ/ ትሑት | 24 | 25.5 |

ካብ ቅጥዒ 6 ከምንርድኦ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ክንደይ ግዜ ትኸይድ/ዲ ንዝብል መሕተት 61.7% በብወርሑ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ከምዝኸዱ ካብቲ መሕትት ዝተውሃበ መልሲ ምርዳእ ይከኣል። ይኹን እምበር ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ዝህልዎም በብጊዝኡ ናብ ቤተ



መፃሕፍቲ ብምእታው መፃሕፍቲ ምንባብ እንተኽኢሎም እዩ። ካብ ቅጥዒ 6 ተራ ቑፅሪ 2 እተንብቡዎም መፃሕፍቲ ብምንታይ ዓይነት መንገዲ ትረኽብዎም? ንዝብል መሕተት 63.8% ካብ ዘመድን ፈታውን ምዃኑ ገሊፆም። በባኻ/ኺ ግምት ንባብካ/ኪ ክንደየናይ እዩ? ንዝብል መሕትት 55.3% ማእኸላይ ምዃኑ ካብ ዝሃቡዎ መልሲ ምርዳእ ይከኣል።

ብኣጠቓላሊ ካብዚ መሕትት እንርድኦ ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ልምዲ ንባብን ንልምዲ ንባብ ዘለዎም ግምትን ዘዕግብ ኣይኮነን። ምስ መፃሕፍቲ ዘለዎም ምትእስሳርውን ብጣዕሚ ዝላሕለሐ እዩ። ኮይኑ ግና ልምዲ ንባብ ዘማዕብሉ መፃሕፍቲ በብግዚኡ ብምንባብን ልምንባብ ዘለና ድሌት ዝለዓለ እንትኸውን እዩ።

**ክፍሊ ክልተ ንጉጅለ ካብ ዝቐረቡ ሕቶታት ዝተረኸቡ መረዳእታት ትንተና:-**

ናይ ምንባብ ድልየቶም ንምፍላጥ ተባሂሉ ዝቐረበ ሕቶ ተራ ቁፅሪ 1/ መፅሓፍ ምንባብ ትፎቱዩዶ /ትያዶ? መልስኹም ኣይንፎትን እንተኾይኑ ንምንታይ? ንዝብል ሕቶን ናይ ዕረፍቲ ጊዜኹም/ኽን እተሕልፉዎ/ፈኦ ብምንታይ መልክዑ እዩ? ንዝብል ሕቶ ዝተውሃበ መልሲ መፃሕፍቲ ካብ ምንባብ ብቴሌቭዥን ዝቐርቡ መዘናግዕታት ምርኣይ፣ ደርፍታት ምድማፅ፣ ስፖርታዊ ምንቅስቃሳት ምግባር ከምዝፈትውን ግዚኦም በዚታት ከምዘሕልፉ ገሊፆም።

ኣብ ተራ ቁፅሪ 3/ ኣብ ቤት ትምህርትኹም/ኽን ወይ ኣብ ገዛኹም/ኽን ንባብ ከይትለማመዱ/ዳ ዝገብሩኹም/ኽን ነገራት ግለፁ/ፃ  ንዝብል ዝተውሃበ መልሲ፤ ኣንቢብና ናይ ምርዳእ ፀገም ስለዘለና እንተንብብ ኣይርደኣናን፣ ብጊዜ ምስኣን ዝተልዓለ ከነንብብ ኣይክእልን፣ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ገዛ ስራሕ ወለዲ ምሕጋዝ እምበር ምንባብ ኣይፍቀደልናን ዝብሉ መልስታት ተዋሂቦም።

ኣብ ተራ ቁፅሪ 4/ መምህርኩም/ክን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ንልምዲ ንባብ ዝገብረልኹም/ኽን ሓገዝ ግቡእ እዩዶ ትብሉ/ላ? መልስኹም/ኽን እወ እንተኾይኑ ከመይ? ንዝብል ሕቶ ግን መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብጉጅለ ከፋፊሎም የንብቡና እዮም። ንመደበኛ ትምህርቲ ደጋፊ ክኸውን ዝኽእል መፅሓፍ ብምምፃእ ክነንብብ ይገብሩና እዮም ብምባል መልሲ ሂቦም። ስለዝኾነ መምህራን ተምሃሮኦም ድሌት ንባብ ንክህልዎም ከምኡውን ልምዲ ንባብ ከማዕብሉ ናይ ባዕሎም ሓገዝ ከምዝገብሩሎም ካብቲ ገለፃ ምርዳእ ይካኣል።

ኣብ ተራ ቁፅሪ 5/ ብዛዕባ ሓደ ርእሲ መረዳእታ ኣኪብካ/ኪ ሓፂር ፅሑፍ ክተቕርቡ/ባ እንተትእዘዚ መረዳእታ ካበይ ትረክቡ/ኽባ?  ንዝብል ሕቶ ዝተውሃበ መልሲውን ኣብዝሓ



ተምሃሮ ሰብ ንሓትት ዝብል መልሲ እንትህቡ ውሑዳት ድማ ካብ ቤተ መፃሕፍቲ ዘድሊ መፅሓፍ ይእልሽ ኢሎም መልሲ ሂቦም። ካብዚ እንርደኦ ኣብዛሓ ተምሃሮ ናይ ቤተ መፃሓፍቲ ኣጠቓቕማ ልምዲ ከምዘይብሎም ዝሃብዎ መልሲ የመላኽት።

ቅጥዒ 7 ተምሃሮ ዘለዎም ክእለት ንባብ ብተግባር ኣብ ምውዓል ዘሎ ብቕዓት ንምግምጋም ካብ ዝተውሃበ ፈተና ዝተረኸቡ መረዳእታታት ዘመላኽት ቅጥዒ

| በዝሒ ተምሃሮ | | በቲ ፈተና ዝረኸቡዎ ውፅኢት ብ% |
|---|---|---|
| ብቑፅሪ | ብ% | |
| 63 | 67% | ትሕቲ 60% |
| 24 | 25.5% | ካብ 61-70% |
| 7 | 7.4% | ካብ 71-90% |

ተምሃሮ ዘለዎም ክእለት ንባብ ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓት ንምፍላጥ 20 ሕቶታት ዝሓዘ ፈተና ቀሪቡሎም ነይሩ። በቲ ፈተና ካብ 94 ተምሃሮ 67% ዝኾኑ ብሕድሕዶም ዘመዝገብዎ ውፅኢት ትሕቲ 60% እዩ።

25.5% ዝኾኑ ድማ በቲ ፈተና ሕድሕዶም ካብ 61-70% ውፅኢት ኣመዝጊቦም። 7.4% ዝኾኑ ተምሃሮ ካብ 71-90% ውፅኢት ኣመዝጊቦም። እዚውን ኣብዝሓ ተምሃሮ ብዘለዎም ልምዲ ንባብ ዘማዕበሉዎ ክእለት ንባብ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዘለዎም ብቕዓት ትሑት ምዃኑ የመላኽት።

ቅጥዒ **8**፡- ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእን ዝምድና ልምግምጋም ተባሂሉ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ዘርኢ ቅጥዒ

| ተነፃፀርቲ | Man(x) | sd | r | df | tb | tcv |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ናየ ተረምሃሮ ልምዲ ንባብ ውፅኢት | 62.1 | 8.27 | 0.66 | 93 | 8.37 | 0.232 |
| ኣብ ትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት(ውፅኢት) | 56.6 | 7.07 | | | | |



ኣብ ቅጥዒ 8 ከምዝረኣ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ማእኸላይ ውፅኢት 62.1 እንትኾውን ናይ ትምህርቲ ትግርኛ ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእ ማእኸላይ ውፅኢት 56.6 እዩ። ከምኡውን ካብ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ዝተረኸበ መደበኛ ፍልልይ (sd) 8.27 እንትኸውን ናይ ትምህርቲ ትግርኛ ክእለት ኣንቢብካ ምርዳእ ውፅኢት መደበኛ ፍልልይ ድማ 7.07 እዩ። እዞም ክልተ ፍልልያት እንትረኣዩ ውሑዳት ኣሃዛት እዮም። እዚውን ናይ ሕድሕድ ተምሃራይ ልምዲ ንባብ ውፅኢት ኮነ ኣንቢብካ ምርዳእ ክእለት ውፅኢት ካብ ዝተረኸቡ ማእኸላይ ውፅኢታት ብዙሕ ዝረሓቑ ዘይምዃኖም የመላኽት። እዚውን ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ብትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ውፅኢት ማእኸል ርክብ ምንባሩን ዘይምንባሩን ንምፍላጥ ኣብ ክልቲኡ ማእኸል ዘሎ ናይ ተዛምዶ ስልሒት ውፅኢት (r) ተሰሪሑ ስልሒቱውን 0.66 ኮይኑ እዩ። እዚ ኣሃዛውን ዓብይ ኣወንታዊ ቁፅሪ ብምዃኑ ኣበ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ኣብ ትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ውፅኢት ማእኸል ዝጠንከረ ርክብ ምህላው የርኢ።

ኣብ ተምሃሮ ልምዲ ንባብነ ኣብ ትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ወፅኢት ማእኸል ዝተርአየ ጥንኩር ርክብ ስሕተት ነፃ ምዃኑ ልምርግጋፅ ኣብ ዝተሰርሐ ናይ ዘተኣማምን ርክብ መለክዒ ስልሒት ናይ ቲ-test ቀመር 8.37 ውፅኢት ተረኺቡ እዩ። እዚ ብምናልሽ ሸሕተት 5% ካብ ዝተመዝገበ (tcv) 0.232 ዋጋ በሊፁ እዩ። ካብዚ ኣብ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ኣብ ትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ማእኸል ዝተርኣየ ፅቡቕ ናይ ርክብ ኩነታት ዘተኣማምን እዩ ኢልካ ምንጋር ይከኣል።

**4.2** መብራህርሂ ውፅኢት መፅናዕቲ

ካብዚ መፅናዕቲ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ነምሕያል ዝተገበረ ፃዕሪ ንምፍላጥ መፅናዕቲ ተኻይዱ እዩ። ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ክዓቢ መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ እንትምህሩ ተመሃሮ ምንባብ ከመይ ክጥቀሙ ከምዘለዎም ከምዝሕብሩሎም ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ የመልክት።

እዚ Silberstein (1994፣10) ተምሃሮ ኣግባብ ዘለዎ ስልቲ ንባብ እናመረፁ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ከንብቡ ናይ ምግባር ናይ ምግባር ልምዲም ከዕብዩ ይሕግዞም። ብምባል ምስ

41

ዘቕረቡዎ ሓሳብ ይዛመድ። ካብዚ ወፃኢ መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ተምሃሮ ብበዝሒ ብውልቀ ብስልቲ ሰላሕታ ንባብ ምንባብ ናይ ኩሎም ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ብዝተመጣጠነ ንምምዕባል ምችው ኩነታት ይፈጥር ብምባል ምስ ዝገለፁዎ ሓሳብ ይሰማማዕ።

ይኹን እምበር መምህራን በብግዚኡ ዝተፈላለዩ ናይ ንባብ መፃሓፍቲ እናቕረቡ ኮነ እንሓበሩ ንተምሀሮ ከም ዘየንብቡዎም ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት የርኢ። Arcy (1973፣3) መምህራን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ሓገዝቲ ናይ ንባብ መፃሓፍቲ ዝግዝኡሉን ዝርከቡሉን ኩነታት ምምችቻው ይግበኦም። ብምባል ምስ ዘቕረቦ ሓሳብ ይፃረር።

መምህራን ዝገብሩዎ ፃዕሪ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ጥራሕ እምበር ካብ ክፍሊ ወፃኢ መፃሓፍቲ ናይ ምጥቃም ስልቶም ንክምዕብል ሓገዝ ከምዘይገበሩሎም ካብቲ ውፅኢት ምርዳእ ይካኣል። ብኻሊእ መዳዩ ኣብዝል ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝርከብ ቤተ መፃሓፍቲ ኣትዮም መፃሓፍቲ ብምንባብ ልምኢ ንባቦም ንምምዕባል ዝግበሩ ፃዕርታት ትሑት ምዃኑ እቲ መፅናዕቲ ኣርእዩ እዩ። እቲ ውፅኢት Key (1977፣28) “ ናይ ተምሀሮ ልምኢ ንባብ ዝበለፀ ዝምዕብል ኣብ ቤተ መፃሓፍቲ ተደጋጋሚ ናይ ምጥቃም ልምኢ እንትህልዎም እዩ።” ብምባል ምስ ዘቕረቡዎ ሪኢቶ ይፃረር እዩ። ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ከምዝምዕብለሉ ሜላ ሓዲኡ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ብዝግበሩ ልምዲ ንባብ እዩ። ብምዃኑ ኣብዛሓ ተምሀሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ወለዶም ገዚኦም ኮነ ተውሒሶም ከምዘይህቡዎም ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት የርኢ። ውፅኢቱ እውን Chubby (1991፣) ናይ ተምሀሮ ልምዲ ንባብ ንምምዕባል መምህራን ዝተፈላለዩ መፃሓፍቲ ንወለዶም እናቕረቡ ንከንብቡ ክሕግዙ ኣለዎም ብምባል ምስ ዝገለፁዎ ሓሳብ ይፃረር። ስለዚ ኾነ ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም መፃሓፍቲ ዘይምጥቃሞም ንቐፃሊ ልምዲ ንባቦም ዝበለፀ ከይዓቢ መሓንከሊ ክኾውን ይኽእል እዩ።

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ፅቡቓት መንበብቲ እንትረኺቦም ንምንባብ ድሌቶም ተለዓዒሉ ዝተፈላለየ ፅሑፋት ብምንባብ ልምዲ ንባቦም ንከዕብዩ ይሕግዞም። ስለዝኮነ ኣብዝሓ ተምሃሮ ብሞዴልነት ዝርእይዎ መንበቢ ከም ዘሎ ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት የመላክት። ብዛዕባ እዙይ ውፅኢት May (1990፣30) “ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ንክህልዎም ዝዳለዩ ተምሃሮ ምንባብ ዝፈትዩ ሞዴል ምንበብቲ ኣብ ከባቢኦም ክህልውዎም ይግባእ” ብምባል ናይቲ

ሞዴላት መንበብቲ ኣድላይነት ብዝምልከት ምስ ዝገለፅዎ ሓሳብ ይዛመድ እዩ። ኮይኑ ግና ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ልምዲ ንባቦም ንምምዕባል ብውልቆም መፅሓፍቲ ብምግዛእ ከምዘይኣንብቡ እቲ መፅናዕቲ ይሕብር።

ተምሃሮ ብዛዕባ ዘለዎም ኣጠቓላሊ ድሌት ንባብ ኣብ ዝተገበረ መፅናዕቲ ኣብዝሐኦም ፅቡቕ ድሌት ንባብ ከም ዘለዎም እቲ ውፅኢት የርኢ። ብዛዕባ እቲ ውፅኢት Conley (1992፣28) ንምንባብ ኣውንታዊ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ድሌቶም ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት እናንበቡ ልምዶም ከማዕብሉ ይክእሉ ንምባል ምስ ዝገለፅዎ ሓሳብ ይሰማማዕ እዩ። ይኹን እምበር ተምሃሮ ካብቲ መፅናዕቲ ዝተረአየ ፅቡቅ ድሌት ንባቦም ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ፅሑፋት እናንበቡ ልምዶም ምዕባይ ከም ዘይካኣሉ ካብ ውፅኢቶም ምርዳእ ተካኢሉ እዩ።

ካብዙይ ብተወሳኺ ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ዘንብብሉ እዋን መልእኽቲ እቲ ፅሑፍ ናይ ምግምጋም ባህሪ ከም ዝረአዮም ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ የርኢ። እዙይ እውን ናይቲ መፅናዕቲ ውፅኢት Million (1991፣32) ብቁዓት መንበብቲ ሓደ ፅሑፍ እንተንብቡ ከም ኣድላይነቱ መልእኽቱ ናይ ምግምጋም ክእለት ኣለዎም ብምባል ምስ ዝገለፅዎ ሓሳብ ይዛመድ እዩ። ብካሊእ መዳይ ኣብዝሓ ተምሃሮ ሓደ ፅሑፍ እንተንብቡ መልእኽቱ እንተዘይተረዲእዎም ዝተፈላለዩ ስልትታት /ኣብነት ቀዲሙ ብዝመፅእ ቃል ንምሕጋዝ እቶም ቃላት ምትርጓም ፣ ብቀረባ ዝሓለፉ ሙሉእ ሓሳባት ተመሊሶም ደጊሞም ብምንባብን ተዛመድቲ ፅሑፋት ብምንባብ ወዘተ )ዝመሳሰሉ እናመረፁ ናይ ምንባር ባህሪ ከም ዘይብሎም ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ ይጥቁም። እዙይ ውፅኢት Conley (1992፣28) ብዙሓት መንበብቲ ስልትታት እናመረፁ ንምጥቃም ዘንብብዎ ፅሑፍ መልእኽቲ ንምርዳእ ይፍትኑ ብምባል ምስ ዝገለፅዎም ሓሳብ ይቃረብ።

ካሊእ እውን ኣብዝሓ ተምሃሮ ዘንብብዎ ፅሑፍ ዝተፈላለዩ ጉድለታት ዘለዎ እንተኮይኑ ብዝተክኣለ ኣስተካኪሎም ናይ ምንባብ ባህሪ ከም ዘለዎም ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ የርኢ። እዙይ ውፅኢት መፅናዕቲ May (1990፣30) ብቁፃት ዝበሃሉ ዝተፈላለዩ ስልትታት ንምጥቃም ኣብ ዘንብብዎ ፅሑፍ ዝርከቡ ጉድለታት ኣሪሞም መልእኽቲ ንምጭባጥ ዝፅዕሩ እዮም ብምባል ምስ ዘቅረብዎ ብሓሳብ ይስማዕማዕ እዩ።



ብቑዓት ናይ ዘይኮኑ መንበብቲ ናህሪያት ተባሂሎም ዝጥቀሱ እቲ ፅሑፍ ቃል ብቃል ልምሽምዳድ ምፍታን፣ ሕድሕድ ቃልን ሓረግን እናፈላለዩ ምንባብን ኣብ ሓንቲ ምጥማት ሓንቲ ነፀላ ቃል ጥራሕ እናረኣዩ ናይ ምብባበ ባህሪያት ብእብዝሓ ተምሃሮ ከምዝረአ ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ የርኢ።

ምስ ቤተ መፃሕፍቲ ዘለዎም ምትእስሳር ኣመልኪቱ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣብዝሓ ተምሃሮ ምስ ቤተ መፃሕፍቲ ዘለዎመ ምትእስሳር ትሑት ምዃኑ ኣርእዩ እዩ። እዚ እውን ኣለም(2001) ሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ብዝተፈፀመ ቁፅሪ ልምዲ ኮይኑ ናይ ምትራፍ ዕድሉ ዝሰፍሐ እዩ። ልምዲ ምንባቡ እውን በዚ መንገዲ ዝምዕብል እዩ። ይኹን እንበር ኣብ ሓንቲ ፀሓይ እናማዕበሉ ልምዲ ተገይሩ ክርአ ኣይግባእን። ልምዲ ንባብ ክምዕብል ሰባት ካብ ህፃንነት

ዕድምኦም ጀሚሮም ምስ መፃሕፍቲ ብምርኻብ መሰረት ምቕማጥ ይግባእ ብምባል ምስ ዝገለፅዎ ሓሳብ ይፃረር እዩ።

ተምሃሮ ድሌት ንባብ ንክህልዎም ዘረድእ ሓዲኡ መንገዲ ምስ ድሌቶም ሓቢሩ ዝኸይድ መፃሕፍቲ ምርካብ እንትኾን ኣብዝሓ ተምሃሮ መፃሕፍቲ ናይ ምርካብ ዕድሎም ትሑት ምኳኑ ተገሊፁ እዩ ከምኡእውን እዋን ዕረፍቶም ከም ምንባብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምስራሕ ከምዝፈትዉ ውፅኢቶም ኣርእዩ እዩ። ኣብዚ እውን Conley (1992፥28) ተምሃሮ ድሌት ንባብ ንክህልዎም ኢሉ እውን ልምዲ ንባበንምምዕባል ንክኽእሉ ምስ ዓቕሞም፣ ምስ ደረጅኦምን ድሌቶምን ሓቢሩ ኸይድ መፃሕፍቲ ፈሊና ክነሕብረሎም ይግባእ ኢሎም ምስ ዝገለፁ ሓሳብ ይፃረር እዩ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ልምዲ ንባቦም ንምምዕባል ዝሕግዙ ኩነታት ዝተመቻቸወሎም ዘይምኳኑ ውፅኢቱ የርኢ፤ ኮይኑ ግና ኣብዝሓ ተምሃሮ ድሌት ንባብን ፅቡቕ ናይ መንበብቲ ባህሪ ዘለዎም ምኳኑ እቲ መፅናዕቲ ይሕብር። ኮይኑ ግና ዘለዎም ፅቡቕ ድሌት ንባብን ባህርን ነዚ ልምዶም ዘማዕበልዎ ክእለት ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶም ኣብዚ መፅናዕቲ ተፈቲሑ ትሑት ኮይኑ ተረኺቡ እዩ። ትሑት ዘበሎ እውን ተምሃሮ ዘለዎም ልምዲ ንባብን ፍልጠትን ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶም  ንምፍታሽ ኣብ ዝቐረበ ፈተና ኣብዝሖኦም ዝረኸብዎ ውፅኢት ትሕቲ 63% ስለዝኾነ እዩ።



እዚ ውፅኢት Nuttall(1982፣37)ን kavale ን(1979፣27) ብዘውፅእዎ ስልቲ ቆፀራ ንባብ መዐቀኒ ተምሃሮ ዘለዎም ልምዲ ንባብን ክእለትን ብተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶም ውሑድ ምኳኑ የርኢ። ነዚ ውሑድ ብቕዓት ምኽንያት ዘለዎም ልምዲ ንባብን ክእለትን ኣብ ተግባር ንከውዕሉ ዝገብሩ ልምምዳት ብዘይምግባሮም ክኸውን ይኽእል።

ኣብ መወዳእታ ናይ ተምሃሮ ኣጠቓላሊ ልምዲ ንባብን ኣብ ትምህርቲ ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለት ማእኸል ርክብ ከምዘሎ ኣብዚ መፅናዕቲ ተፈቲሹ እዩ። ክልቲኦም ርክባት ከምዘለዎም ንምርግጋፅ ብዝተሰርሐ ስልሒት ተዛማዲ ውፅኢት (r) ካብ ዓብይ ኣወንታዊ ኣሃዝ ብምርካቡ ብልምዲ ንባብን ትግርኛ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለትን ውፅኢት ማእኸል ኣወንታዊ ርክብ ምህላው ኣርእዩ እዩ።  እዚ ውፅኢት ኣወንታዊ ልምዲ ንባብ ዘለዎም ተምሃሮ ዝሐሸ ትምህርቲ የመዝግቡ ዝብል ኣተሓሳስባ ዘለዎ ይመስል። ውፅኢቱ እውን Gerahum (1987፣ 78) "ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ፅቡቕ ውፅኢት ኣመዝጊቡ ትምህርቱ ንምቅፃል ፅቡቕ ምኳኑ ዝተሓትት ኣይኮነን" ብምባል ልምዲ ንባብ ምስ ውፅኢት ትምህርቲ ዘሎ ዝምድና ልምግንዛብ ምስ ዝሃቦ ሓሳብ ይዛመድ እዩ።

Conley (1992፣28) ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ፅቡቕ ምኳንን ዘይምኳንን ካብ ግዘ ናብ ግዘ ኣበ ውፅኢት ትምህርቶም ፅዕንቶ ይህልዎ ብምባል ኣበ ልምዲ ንባብን ውፅኢት ትምህርትን ማእኸል ዝምድና ንምግላፅ ምስ ዝቐረበ ሓሳብ ይስማማዕ እዩ። ኮይኑ ግና Arcy (1973፣3) ብዛዕባ ንፅፅራዊ ተዛምዶ ፅንዓት

(correlation study) ከምዝገለፅዎ እዚ ዝተርአየ ርክብ ናይ ምኽንያትነ ወፅኢትን ርክብ ዘይምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ። ምኽንያቱ ዝተፈላለዩ ኩነታት ክሳብ ዘይተርኣዩ ርክቦም ናይ ምኽንያት ውፅኢትነት ኢልካ ምዝራብ ስለዘየድፍር እዩ።



ምዕራፍ ሓሙሽተ

# 5. መጠቓለሊ፣ መደምደምን መፍትሕን

ኣብዚ ክፋል መጠቓለሊ መፅናዕቲ፣ መደምደምን መፍተሕን ሓሳባት ብዝተፈላለዩ ሙሁራን ዝተብሃሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ምዕራፋት ዝተገለፁ ብምግንዛብ እዚ ቀሪቡ ኣሎ።

## 5.1. መጠቓለሊ

እዚ መፅናዕቲ ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምምሃር ባእታተት ንባብን ትግርኛ ተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ውቅሮ ንምምርማር ተተሊሙ ዝተኻየደ እዩ። እቲ መፅናዕቲ ሒዝዎ ዝተልዓለ ዕላማ ዝምድና ዕላማታተት ትምህርትን ባእታታት ንባብን ተምሃሮ ማእኸል ዘሎ ዝምድና እንታይ ይመስል ዝብል እዩ።

እቲ መፅናዕቲ ኣብ 2017 ዓ.ም. ውቅሮ ካልኣይ ብርኪ ቤት  ትምህርቲ ናይ ታሽዓይ ክፍሊ 470 ተምሃሮ 20% ብዕፃ ሜላ መረፃ ብምጥቃም ፆታ ማእኸል ዝገበረ 94 ተምሃሮ ተሳቲፎም እዮም። እቲ መፅናዕቲ ንምክያድ ፅሑፋዊ መሕተትን ጉጅላዊ ዘተን መአከቢ መረዳእታ ብምጥቃም እዩ።

ካብዞም መአከቢ መረዳእታታት ዝተረኽበ ውፅኢት ንምትንታን ሚኢታዊ ማእኸላይ ውፅኢት ብመደነኛ ፍልልይ ናይ ተዛምዶ ስልሒትን t-test ዝበሃሉ መረዳእታ መተንተኒ ብምጥቃም እዩ።  ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ንባብ ዘለዎም ኣፍልጦን ፍልጠቶም ኣብ ተግባር ንምውዓል ዘለዎም ብቕዓት ንምፍታሽ ብዝቐረበ ፈተና ዝተረኽበ መረዳእታ ብሚኢታዊ ተተንቲኑ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ተምሃሮ ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምስትምሃር ባእታታት ንባብን  ውፅኢት ማእኸል ዘሎ ርክብ ንምፍላጥ ብስልሒት ተዛምዶ (r) ተሰሪሑ ውፅኢት ተተንቲኑ እዩ። ስልሒት ገምጋም ዝምድና ተሰሪሑ ኣብ ናይ ተምሃሮ ዝምድና ዕላማታት ትምህርትን ምስትምሃር ንባብን ክእለት ውፅኢት ማእኸል ዝተርኣየ ርክብ ዘተኣማምን ምዃኑን ዘይምዃኑን ብመተኣማመኒ ናይ ርክብ መለክዒ ስልሒት t-test ተሰሊሑ እቲ ውፅኢት ተተንቲኑ እዩ።

ካብ ናይ ጉጅላዊ ዘተ መሕተት ትንተና ኣብዝሓ ተምሃሮ ፅቡቕ ልምዲ ከምዘይብሎም ዘመላኽት ውፅኢት ተረኺቡ። ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብመምህራን ዝተፈጠረሎም



ፅቡቕ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ፅቡቕ ልምዲ ንባብ ምምዕባል ከምዘይከኣሉ እቲ ወፅኢት የርኢ። ስለዝኾነ ብመምህራን ዝተገበረ ሓገዝ እኹል ዘይምኳኑ ካብቲ ውፅኢት ምርዳእ ይከኣል። ብምኳኑውን ናይ ኣብዝሓ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ዘሐጉስ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ንልምዲ ንባብ ሓገዝቲ ክኾኑ ዝኽእሉ መፃሕፍቲ ምርካብ ከምዘይከኣሉን ሓገዝ ወለዲ ድማ ውሑድ ምኳኑ እቲ ውፅኢት የመላኽት። ስለዝኾነ ልምዲ ብምድግጋም ዝምዕብል እዩ። ሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ብዝተፈፀመ ቑፅሪ ልምዲ ኮይኑ ናይ ምትራፍ ዕድሉ ዝሰፍሐ እዩ። ብዕላማ ምምሃር ንባብውን በዚ መንገዲ ዝምዕብል እዩ። ብምኳኑውን ብሓደ ጊዜ ክንመልኮ እንኽእል ልምዲ ተገይሩ ክርአ የብሉን።

ልምዲ ንባብ ክምዕብል መምህራን ንተምሃሮኦም በብእዋኑ ምስ መፃሕፍቲ ምርኻብን ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ዝኸድሉ ኩነታት ምምችቻው የድሊ። እዚ ምምችቻው ኣብያተ ትምህርቲ ጥራሕ ዝሸከመኦን። ወለዲውን ካብ ቤት ትምህርቲ ዘይነኣኣስ ሓላፍነት ኣለዎም።

ብተወሳኺውን ኣብዝሓ ተምሃሮ ፅቡቕ ድሌት ንባብ ከምዘለዎም ናይቲ ፅሑፋዊ መሕተት ውፅኢት ኣርእዩ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ድልየቶም ኣብ ተግባር ንምውዓል ከምዘይከኣሉ ካብ ውፅኢት እቲ ፈተነ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ። ብዘይካዚ ብርክት ዝበሉ ተምሃሮ ባህርያት ብቑዕ መንበባይ ከምዝረኣዮም እቲ ውፅኢት የርኢ።

ኣብ መወዳእታ ገምጋም ተዛምዶ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ክእለት ማእኸል ኣወንታዊ ርክብ ምህላው ውፅኢት እቲ መፅናዕቲ የርኢ። ተምሃሮ ዘለዎም ፍልጠትን ልምድን ንባብ ኣብ ተግባር ንምውዓልን ብቕዓቶም ንምምሕያሽን መምህራን በብግዚኡ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ልምምድን ፈተናን ንተምሃሮ ብምቕራብን ኣድላይቲ ዝኾኑ መፃሕፍቲ ብምጥቃምን ዝለዓለ ሓገዝ ክገብሩሎም ይግባእ።

### **5.2** መደምደሚ

ኣብዝሓ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈጠረሎም ዝተወሰነ ምችው ኩነታት ፅቡቕ ድሌት ንባብ እንተሃለዎምውን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ዘድሊ ሓገዝ ስለዘይተገበረሎም ልምዲ ንባቦም ከምዘይየማዕበሉ ተራእዩ እዩ። ኣብ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ



ምርዳእን ማእኸል ዘሎ ስልሒት ተዛምዶ ተሰሊሑ ዓብይ ኣወንታዊ ኣሃዝ ተረኺቡ። ካብ ውፅኢት መፅናዕቲ ብምብጋስ ገምጋም ተዛምዶ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ተምሃሮ ማእኸል ዘሎ ርክብ ኣወንታዊ እዩ ናብ

ዘብል ኩነታት ዘኽይድ እዩ። እዚ ኣወንታዊ ልምዲ ንባብ ዘለዎም ተምሃሮ ዝሐሸ ውፅኢት ከመዝግቡ ግልፂ እዩ ናብ ዘብል መደምደሚ የብፅሑካ።

## **5.3.** መፍትሒ /ለበዋ/

ኣብ ገምጋም ዕላማ መሰረት ዝገበረ ምምሃር ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ተምሃሮ ውፅኢት ማእኸል ኣወንታዊ ርክብ ምህላው ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ የመልክት። ስለዚ መምህራን ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ተምሃሮ ፕሮግራም ንባብን ካልኦት ልምዲ ንባብ ዘማዕብሉ ስልትታት ብምምችቻው ልምዲ ንባብ ተምሃሮ ክምዕብል ኣብ ቀፀሪ ቤት ትምህርትን በብጣብይኡን ዝተደራጀውን ዝተጠናኸሩን ቤተ መፃሕፍቲ ዝኽፈትሉን ዝጠናኸሩሉን መንገድታት እንተተኣልሹን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዕዳጋ ዘለዉ መፃሕፍቲ ገዚኦን ብምእታው ተምሃሮ ዝደልይዎም መፃሕፍቲ ኣብ ቤተ-መፃሕፍቲ ዝረኽቡሉ ኩነታት እንተተመቻችውን ወለዲ ደቆም ካብ ህፃንነቶም ጀሚሮም ናይ ህፃውንቲ መፃሕፍቲ ብምግዛእ ልምዲ ንባቦም ክምዕብል ብፅሒቶም እንተተዋፂኦምን ውፅኢት ተምሃሮ ምምሕያሽ ይከኣል እዩ።

ካሊእ ተምሃሮ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ብዝረኸብዎ ኣጋጣሚ መፃሕፍቲ እናንበቡ ልምዲ ንባቦም እንተማዕቢሎም ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክእለቶም ከማሓይሹ ይኽእሉ እዮም። ኣብዝሓ ናይ ሰላም ክላስተር ኣብያተ ትምህርቲ ተምሃሮ ብፍላይ ናይ ደብረኒሂጎ ቤት ትምህርቲ መፃሕፍቲ ከምዘይጥቀሙ ካብቲ መፅናዕቲ ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ። ስለዝኾነ ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብ ክምዕብል እቲ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ቤተ-መፃሕፍቲ ዝጥቀሙሉ መንገዲ ተመቻችዩ ፅቡቕ እዩ። ከምኡውን መምህራን ንተምሃሮ ቤተ-መፃሕፍቲ ክጥቀሙ ድፍኢት እንተገይሮም ልምዲ ንባብ ተምሃሮ ብዝለዓለ ይምዕብል።



ኣብ መወዳእታ ኣብዚ መፅናዕቲ ድሌት ንባብ ተምሃሮ ኣብ ኣብዛሓ ፅቡቕ ምኳኑ እንተተረጋገፀውን ዝማዕበለ ልምዲ ንባብ ስለዘይብሎም ክእለት ልምዲ ንባብ ኣብ ተግባር ናይ ምውዓል ብቕዓቶም እንትፍተሽ ትሑት ምኳኑ ተራእዩ። ድሌት ናብ ተግባር ንምልዋጥ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝግበር ትምህርቲ ንባብ ተምሃሮ ፅቡቕ ተሳትፎን ልምምድን ክገብሩ ኣለዎም።

## መዋኸስቲ ድርሳናት

Arcy.P.D (1973) reading for meaning London Edu ltd Burns Gritting. &

snow.C.E.(cds).(1999). **Starting out right: A gulde to promoting children's reading success.** Washington D.C national research council.

Carbo.M. (1991) Teaching **Students to read through their individual Learning Style.** Boston: Allyn and Beacon.

Carrel, L.P Dtine.J. (1995). **Interaction Approach to 2nd language reading**.

New York. Cambridge university press.

Conley M.W.(1992). **Contents reading instruction A communication Approach.** New York: cup

Ferranti's 1(1977). **Principle and practice & education**. (2nd ed) Cambridge:cup London long man group.Ltev.

Fry,E(1963) **Reading tasten**. Adrill book.cambridge university press.

Graham.RT.(1967) "content reading and recreation meaning "in ELT journal. 76/2:98-99

Greenall,S and Swant.M.(1996). **Effective Reading** (8th ed) Cambridge university press.

Grellet.F (1995) **Developing Reading Skills**. Cambridge university press.

Kavale,K.(1979)" Selecting and Evaluating reading tests" **In reading test and teachers**: A practical Guide .R.shreir (ed) .PP.9-32

May.BF.(1990) **Reading as communication an Interactive approach**. (3rd ed). New York Macmillan Publisher Company.

Millan .D. (1991) **Developing Reading Skills.** New York: Cup Naroyana

Swamy, K.R (1975). "The Measurement of Reading ability". **Journal of English language teaching** 29/2:pp 143-150

Nelson, G.L (1984)."Reading A Student centered Approach" **English teaching From**.2214.2-4

Notrall, C.(1982) **Teaching Reading Skill in Language.** London: Heinemann Educational books.

Nottall.Christine.(1996). **Teaching Reading Skills in Language**. London:

Heinemann Educational books.

Silberstein, S. (1994). **Techniques and Resources in teaching Reading** Oxford university Press.

Smith F.(1973) **Psycholing Vistas and Reading** .new York: Rinehart and Winston.

Smith F. (1997). **How Children learn to read**. London: Addison Wesley Long man new eland limited.

Sweet, A.P,& Snow, C.E.(2003). **Rethinking reading Comprehension**. New York, NY: Guilford Pres.

## ልጋብ 1

ብተምሃሮ ዝምላእ መሕትት

ናይዚ መሕትት ዕላማ ገምጋም ተዛምዶ ልምዲ ንባብን ኣንቢብካ ምርዳእን ተምሃሮ ማእኸል ዘሎ ርክብ ንምፍላጥ ዝግበር መፅናዕቲ መረዳእታ ንምርካብ እዩ።

ብምኳኑ ሕድሕድ ሕቶ እናንበብካ/ኪ ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ዝቐርቡ ሓሙሽተ መማረፅታት ብውልቀኻ/ኺ ዝሰምዐካ/ኪ ንሓደ ጥራሕ ብምምራፅ ኣብቲ ባዶ ቦታ እዚ (✓) ምልክት ብምጥቃም ኣመልክት/ቲ። ንሕድሕድ ሕቶ መልሲ ቅድሚ ምሃብካ/ኪ ናይቲ ሕቶ ሓሳብ ምርዳእኻ/ኺ ክተረጋግፅ/ፂ ኣለካ/ኪ።

እዚ መሕትት ብምምላእኻ/ኺ ዘጋጥመካ/ኪ ፀገም ከምዘየለ ክትፈልጥ/ጢ ይግባእ።

ንዝገበርካለይ/ክለይ  ምትሕብባር ኣቐዲመ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ሀ. ደረጃ ክፍልኻ/ኺ..................................

ለ. ፆታ ተባዕታይ........ ኣነስታይ..........

ሐ. ዕድመ.........

| ተ.ቁ | ሕቶታት | መማረፂ መልስታት | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ | ይስ ማዐ ማዕ | ኣይስማ ዕማዕን | ፈፂመ ኣይስማዕማዕ ን | ክውስን ኣይኽእልን |
| **1** | ካብ ምንም ነገር ንላዕሊ መፃሕፍቲ ምንባብ ይፎቱ | | | | | |
| **2** | ሓላሓሊፉ መፃፍቲ ብምግዛእ የንብብ እየ | | | | | |
| **3** | ኣብ መንበሪ ገዛይ ብዘዙሓት መፃሕፍቲ ስለዘው የንብ እየ። | | | | | |
| **4** | መፃሕፍቲ ካብ ምንባብ ካሊእ ስራሕ ምስራሕ ይመርፅ | | | | | |
| **5** | መፃሕፍቲ ምንባብ ካብ ቤተመፃሕፍቲ ተውሒሰ ኣይፈልጥን | | | | | |
| **6** | መፃሕፍቲ ከንብብ እንተዘይተኣዚዘ ዘንብቦ ሓላሓሊፈ እየ። | | | | | |
| **7** | ሳበት ኣብ ዝነግሩኒ ሓደ ሓሳብ ተወሳኺ ፍልጠት ንምርካብ መፃሕፍቲ ኣየንብብን | | | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| **8** | ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ተደጋጋሚ ብምእታው የንብብ እየ። | | | | | |
| **9** | መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምንባብ እንተኣንቡቡልና ከመይ ከም ዝንበብ የረዱኡና | | | | | |
| **10** | መምህራን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብሰላሕታ ብውልቀ ከንብብ የተባቡዑና | | | | | |
| **11** | መምህራን ዝተፈላለዩ ልንባብ ዝኾኑ መፃሕፍቲ እናሓበሩለይ የንብብ | | | | | |
| ተ.ቁ | ሕቶታት | መማረፂ መልስታት | | | | |
| | | ብጣዕሚ ይስማዕማዕ | ይስማዐማዕ | ኣይስማዕማዕን | ፈፂመ ኣይስማዕማዕን | ክውስን ኣይኽእልን |
| 12 | ልምዲ ንባብ ዘሕዱረለይ ዘድንቖም መንበብቲ ኣብ ከባቢየይ ኣጋጢሞሙኒ | | | | | |
| 13 | ስድራይ ንዘብቦ መፃሕፍቲ ገዚኦም ይኹን ተውሒሶም ይህቡኒ | | | | | |
| 14 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ ብምግምጋም ፃዕሪ ይገብር እየ። | | | | | |
| 15 | ሓደ መፅሓፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ ዝተፈላለዩ ስልትታት ብምጥቃም ክርዳእ ይፍትን እየ | | | | | |
| 16 | ኣብ ዘንብቦ ፅሑፍ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ስሕተታት እንተጋጥሙኒ ኣስተኻኺለ የንብብ | | | | | |
| 17 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ ምስቲ ፀሓፊ ዓይኒ ንዓይኒ ተራኺብና ናይ ምምያጥ መስምዒት ይስመዐኒ | | | | | |
| 18 | ኣብ ዘንብበሉ እዋን ኣበ ሕድሕድ ጠመተይ ንሓደ ነፃላ ቃል ብምጭማት የንብብ | | | | | |
| 19 | ኣብ ዘንብበሉ እዋን ብኣፃብዕተይ ወይ በበሊሕ ነገር ምምልኻት ይፎቲ | | | | | |
| 20 | ሓደ ፅሑፍ እንተንብብ መልእኽቱ እንተዘይተረዲኡኒ እቲ ፅሑፍ ቃል ብቃል ንምሽምዳድ ይፍትን። | | | | | |

# ልጋብ 2

1. ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ናይ ትግርኛ ውፅኢት ትምህርትን ስልሒት ተዛምዶን ልምዲ ንባብ

| Subject | Reading habit | Reading comp | achievement |
|---|---|---|---|
| 1 | 67 | | 61 |
| 2 | 63 | | 54 |
| 3 | 69 | | 58 |
| 4 | 53 | | 51 |
| 5 | 56 | | 56 |
| 6 | 52 | | 52 |
| 7 | 68 | | 57 |
| 8 | 63 | | 50 |
| 9 | 68 | | 49 |
| 10 | 48 | | 54 |
| 11 | 58 | | 58 |
| 12 | 64 | | 54 |
| 13 | 67 | | 58 |
| 14 | 64 | | 52 |
| 15 | 64 | | 60 |
| 16 | 65 | | 66 |
| 17 | 69 | | 60 |
| 18 | 63 | | 56 |
| 19 | 57 | | 50 |
| 20 | 71 | | 63 |
| 21 | 72 | | 58 |
| 22 | 68 | | 60 |
| 23 | 70 | | 63 |
| 24 | 49 | | 51 |
| 25 | 67 | | 60 |
| 26 | 61 | | 51 |
| 27 | 73 | | 68 |
| 28 | 57 | | 50 |
| 29 | 64 | | 57 |
| 30 | 67 | | 66 |
| 31 | 70 | | 59 |
| 32 | 58 | | 49 |
| 33 | 48 | | 47 |
| 34 | 65 | | 55 |
| 35 | 71 | | 60 |
| 36 | 54 | | 50 |
| 37 | 70 | | 54 |
| | | | |
| 39 | 51 | | 53 |
| 40 | 72 | | 66 |
| 41 | 67 | | 53 |
| 42 | 61 | | 56 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 43 | 69 | | 47 |
| 44 | 54 | | 54 |
| 45 | 69 | | 57 |
| 46 | 56 | | 51 |
| 47 | 68 | | 55 |
| 48 | 65 | | 60 |
| 49 | 62 | | 50 |
| 50 | 59 | | 61 |
| 51 | 76 | | 56 |
| 52 | 66 | | 50 |
| 53 | 74 | | 58 |
| 54 | 63 | | 52 |
| 55 | 58 | | 50 |
| 56 | 40 | | 35 |
| 57 | 60 | | 60 |
| 58 | 60 | | 55 |
| 59 | 68 | | 60 |
| 60 | 48 | | 50 |
| 61 | 58 | | 55 |
| 62 | 64 | | 60 |
| 63 | 67 | | 65 |
| 64 | 64 | | 55 |
| 65 | 65 | | 70 |
| 66 | 69 | | 70 |
| 67 | 70 | | 65 |
| 68 | 60 | | 59 |
| 69 | 72 | | 70 |
| 70 | 40 | | 45 |
| 71 | 70 | | 61 |
| 72 | 68 | | 47 |
| 73 | 61 | | 56 |
| 74 | 57 | | 50 |
| 75 | 64 | | 60 |
| 76 | 58 | | 49 |
| 77 | 48 | | 50 |
| 78 | 71 | | 75 |
| 79 | 54 | | 54 |
| 80 | 63 | | 73 |
| 81 | 51 | | 50 |
| 82 | 69 | | 57 |
| 83 | 45 | | 45 |
| 84 | 73 | | 60 |
| 85 | 57 | | 61 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 86 | 54 | | 55 |
| 87 | 65 | | 60 |
| 88 | 62 | | 61 |
| 89 | 59 | | 57 |
| 90 | 60 | | 60 |
| 91 | 40 | | 45 |
| 92 | 80 | | 75 |
| 93 | 70 | | 69 |
| 94 | 51 | | 50 |

2. ናይ ተምሃሮ ልምዲ ንባብን ናይ ትግርኛ ውፅኢት ትምህርትን ስልሒት ተዛምዶ ኣንቢብካ ምርዳእ

| Subject | Reading habit | Reading Comp | Achievement |
|---|---|---|---|
| 1 | | 67 | 61 |
| 2 | | 63 | 54 |
| 3 | | 69 | 58 |
| 4 | | 53 | 51 |
| 5 | | 56 | 56 |
| 6 | | 52 | 52 |
| 7 | | 68 | 57 |
| 8 | | 63 | 50 |
| 9 | | 68 | 49 |
| 10 | | 48 | 54 |
| 11 | | 58 | 58 |
| 12 | | 64 | 54 |
| 13 | | 67 | 58 |
| 14 | | 64 | 52 |
| 15 | | 64 | 60 |
| 16 | | 65 | 66 |
| 17 | | 69 | 60 |
| 18 | | 63 | 56 |
| 19 | | 57 | 50 |
| 20 | | 71 | 63 |
| 21 | | 72 | 58 |
| 22 | | 68 | 60 |
| 23 | | 70 | 63 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 24 | | 49 | 51 |
| 25 | | 67 | 60 |
| 26 | | 61 | 51 |
| 27 | | 73 | 68 |
| 28 | | 57 | 50 |
| 29 | | 64 | 57 |
| 30 | | 67 | 66 |
| 31 | | 70 | 59 |
| 32 | | 58 | 49 |
| 33 | | 48 | 47 |
| 34 | | 65 | 55 |
| 35 | | 71 | 60 |
| 36 | | 54 | 50 |
| 37 | | 70 | 54 |
| 38 | | 63 | 61 |
| 39 | | 51 | 53 |
| 40 | | 72 | 66 |
| 41 | | 67 | 53 |
| 42 | | 61 | 56 |
| 43 | | 69 | 47 |
| 44 | | 54 | 54 |
| 45 | | 69 | 57 |
| 46 | | 56 | 51 |
| 47 | | 68 | 55 |
| 48 | | 65 | 60 |
| 49 | | 62 | 50 |
| 50 | | 59 | 61 |
| 51 | | 76 | 56 |
| 52 | | 66 | 50 |
| 53 | | 74 | 58 |
| 54 | | 63 | 52 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 55 | | 58 | 50 |
| 56 | | 40 | 35 |
| 57 | | 60 | 60 |
| 58 | | 60 | 55 |
| 59 | | 68 | 60 |
| 60 | | 48 | 50 |
| 61 | | 58 | 55 |
| 62 | | 64 | 60 |
| 63 | | 67 | 65 |
| 64 | | 64 | 55 |
| 65 | | 65 | 70 |
| 66 | | 69 | 70 |
| 67 | | 70 | 65 |
| 68 | | 60 | 59 |
| 69 | | 72 | 70 |
| 70 | | 40 | 45 |
| 71 | | 70 | 61 |
| 72 | | 68 | 47 |
| 73 | | 61 | 56 |
| 74 | | 57 | 50 |
| 75 | | 64 | 60 |
| 76 | | 58 | 49 |
| 77 | | 48 | 50 |
| 78 | | 71 | 75 |
| 79 | | 54 | 54 |
| 80 | | 63 | 73 |
| 81 | | 51 | 50 |
| 82 | | 69 | 57 |
| 83 | | 45 | 45 |
| 84 | | 73 | 60 |
| 85 | | 57 | 61 |
| 86 | | 54 | 55 |
| 87 | | 65 | 60 |
| 88 | | 62 | 61 |
| 89 | | 59 | 57 |
| 90 | | 60 | 60 |
| 91 | | 40 | 45 |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 92 | | 80 | 75 |
| 93 | | 70 | 69 |
| 94 | | 51 | 50 |

3. ናይ ፈተና መተኣማማናይነት

(Reliability of the Test)

| Score | N | X |
|---|---|---|
| 1 | 0 | 0 |
| 2 | 0 | 0 |
| 3 | 0 | 0 |
| 4 | 0 | 0 |
| 5 | 0 | 0 |
| 6 | 2 | 12 |
| 7 | 7 | 49 |
| 8 | 3 | 24 |
| 9 | 7 | 63 |
| 10 | 17 | 170 |
| 11 | 10 | 110 |
| 12 | 7 | 84 |
| 13 | 8 | 104 |
| 14 | 7 | 98 |
| 15 | 6 | 90 |
| 16 | 8 | 128 |
| 17 | 6 | 102 |
| 18 | 5 | 90 |
| 19 | 1 | 19 |
| 20 | 0 | 0 |
| | 94 | 1143 |

መግለጺ

M = The Mean

N = No of student

X = Total grade of student

Sd = standard deviation

M = x = m = 1143 = 12.16

F 94

Sd = Sum of +ag 1⁄6 score – sum 1⁄6 both score.

Sd =

19+18+18+18+18+18+17+17+17+17+17+17+17+17+17+6+6+7+7+7+7+7+7+7+8+8+8+9+9+9

½ 94

Sd = 262-112 = 150 = 3.19

47 47

R= y-m-(n-m)

N(sd)2

R= 1 – 12.16 (20-12.16

20 (3.19)2

R = 1 – 12.16 (7.84)

20x 10.17

R = 1- 95.33

203.4

R = 1 – 0.46

R = 0.54

F = No of items in the test

R = Reliability of the test

4. ናይ ተምሃሮ ክእለት ንባቦም ኣብ ተግባር ምውዓል ብቕዓት ንምፍታሽ ዝቐረበ ናይ ፈተና ሕቶታት መፀገማይነት መጠን ( Index of item discrimination power (d))

| 4.2. ናይቲ ሕቶ ናይ ምፍላይ ብቕዓት (d) | | | |
|---|---|---|---|
| ተ.ቁ | ልዑል ውፅኢት ዝረኸቡ ተምሃሮ | ትሑት ውፅኢት ዝረኸቡ ተምሃሮ | ናይ ምፍላይ ብቕዓት |
| 1 | 39 | 25 | 0.29 |
| 2 | 23 | 11 | 0.25 |
| 3 | 47 | 27 | 0.44 |
| 4 | 17 | 11 | 0.11 |
| 5 | 41 | 23 | 0.36 |
| 6 | 42 | 22 | 0.44 |
| 7 | 41 | 34 | 0.15 |
| 8 | 35 | 25 | 0.22 |
| 9 | 51 | 37 | 0.29 |
| 10 | 27 | 15 | 0.25 |
| 11 | 59 | 29 | 0.65 |
| 12 | 42 | 25 | 0.36 |
| 13 | 49 | 35 | 0.29 |
| 14 | 34 | 22 | 0.25 |
| 15 | 41 | 32 | 0.18 |
| 16 | 56 | 46 | 0.22 |
| 17 | 35 | 25 | 0.22 |
| 18 | 51 | 37 | 0.29 |
| 19 | 34 | 17 | 0.36 |
| 20 | 52 | 23 | 0.62 |

| 4.1 ናይቲ ሕቶ መፀጋማይነትመጠን(p) | | |
|---|---|---|
| ተ.ቁ | ሕቶ<br>ብትኽክል ዝመዝመለሱ ተምሃሮ | ሕቶ ዘይመለሱ ተምሃሮ ብሚኢታዊ (p) |
| 1 | 63 | 67.3 |
| 2 | 30 | 32.7 |
| 3 | 60 | 63.6 |
| 4 | 24 | 25.5 |
| 5 | 46 | 49.1 |
| 6 | 53 | 56.4 |
| 7 | 49 | 52.7 |
| 8 | 49 | 52.7 |
| 9 | 71 | 76.4 |
| 10 | 30 | 32.7 |
| 11 | 85 | 90.01 |
| 12 | 51 | 54.5 |
| 13 | 56 | 59.5 |
| 14 | 46 | 49.1 |
| 15 | 41 | 43.6 |
| 16 | 61 | 64.8 |
| 17 | 40 | 42.5 |
| 18 | 33 | 35.1 |
| 19 | 39 | 41.8 |
| 20 | 30 | 31.9 |

መዐቀኒ

P‹ 25 እንተኾይኑ ሕትኡ ኸቢድ እዩ።

25‹ P ‹75 እንተኾይኑ ሕትኡ ማእኸላይ እዩ።

P› 75 እንተኾይኑ ሕትኡ ቀሊል እዩ።

d = correct T – correct

½ N

N = No of student መዐቀኒ 0.39 ≥ d≥ 0.2 D ≥ 0.19 እንተኾይኑ ናይ ምፍላይ ብቕዓቱ ልዑል እዩ።